# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.41 ዓርቢ 18 ጥቅምቲ 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ሕጽረት 'ኣይረን' ንርብዒ ህዝቢ ዓለም ዘጸልእ ሕማም

ገጽ 3

"ኣደይ'ያ ጸላዊት ገድላዊ ጠመተይ"
ገጽ 4
ምስ መንእንታይ ትዛረብ?

ገጽ 5
ዘይበኣሱ መላእኽቲ፣ ዘይዕረቑ ሰይጣውንቲ

ገጽ 7
ሕጹያት ሽልማት 'ቬሎ ዲኦር'



## ደ/ቀ/ባሕሪ - ኣመሓዳሪ ዞባ ምስ ነበርቲ ኣፋምቦ ዘትዩ





ኣመሓዳሪ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ፡ ኣብ ኣፋምቦ -ን/ዞባ ማእከል ደንካልያ፡ ኣብ ዝርግሐን ተጠቃምነትን ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣመልኪቱ ምስ ነበርቲ ዘትዩ።

ህዝቢ ተጠቃሚ መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ክኸውን ንዝቖየድ ዘሎ ጻዕሪ ዝገለጸ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ፡ ኣቐዲሙ ዝተዋደደ ፈጠርዎ ዘሎ ማስተርሆ ቀሊል ከምዝይኮነ፡ ንምምሕያሹ ድማ ብቐጻሊ ይስራሕ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ኣኼባ ንሱበን ጥሪትን ከምኡ'ውን ንንኡስ ሕርሻዊ መዓላ ክተገልግል ትሰርሐ ዘላ ዲጋ ንምዝዛም ህዝቢ ንዝገብሮ ዘሎ ተሳትፎ ብምምጋስ ድማ፡ ብዝበለጸ ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ ኣብ መወዳእታ፡ ተሳታፍቲ ተመሃሮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ብሓፈሻ ናይ ደቂኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ክዕቢ ምስራሑ፡ ደጸናሓለይ ዘይበዝሎ ዕማም ከምዘኾኑ ብምምላጽ፡ ተራ ኮም ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ክዕዝዝ ከምዝጦቦእ ኣገዚቡ።

## ፎርቶ-ሳዋ - ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባብን ኣካየድቲ ስራሕን ተኻይዱ

ምምሕዳራዊ ኣገልግሎት ንምስፋሕን ንምምሕያሽን ብዝቖየድ ዘሎ ቀጻሊ ጻዕሪ ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባብን ኣካየድቲ ስራሕን ተኻይዱ።

እቲ ኣብ ሓወሲ ከተማ ፎርቶ-ሳዋ፡ ከምኡ'ውን ምምሕዳራት ከባቢ ሆሚብ፡ ሞለብርን ተማራትን ዝተኻየደ ምርጫ፡ ናይ ኣገልግሎት ግዜኦም ንዝኣኸለን ብሕማምን ካልእ ምኽንያትን ንዝተኣልዩን ንምትካእ ዝዓለመ'ዩ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ክልተ ምምሕዳራት ከባቢ ሓወሲ ከተማ ፎርቶ-ሳዋ - ኣካየድቲ ስራሕ፣ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ሆሚብን ሞለብርን - ኣመሓደርቲ፣ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ተማራት ድማ ኣመሓዳርን ኣካያዲ ስራሕን ተመሪጾም።

ግዝያዊ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ ኣቶ ኣረጋይ መብራህቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ታሕተዋይ ጽፍሒ ምሕደራ ዝርከቡ ኣመሓደርቲ፡ ኣካየድቲ ስራሕን ኣካበርቲ ዓድን ኣብ ጽፈትን ስሉጥነትን ዝወሃብ ምምሕዳራዊ ኣገልግሎት ልዑል ኣስተዋጽኦ ስለዘለዎም፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ዓቢ ኣተኩሮ ሂቡ ከምዝሰርሓሉ ገሊጹ።

ኣቶ ኣረጋይ ኣብ መወዳእታ፡ ዝተመርጹ ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ንዝተሰከምዎ ሪዚን ሓላፍነት ተገዚቦም፡ ህዝቢ ዝተማልአ ምምሕዳራዊ ኣገልግሎት ዝረኽበሉን ውዕቡኡ ኣሐዩሉ ኣብ ልምዓታዊ መደባት ብዝበለጸ ዝዋሰኣሉን ባይታ ንምፍጣር ክጽዕሩ ኣተሓሳሲቡ።

## ሃበሮ - ብኣስታት 8 ሚልዮን ናቕፋ ዝተዋደደ 'ፕሮጀክት ማይ' ተመሪቑ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ንኡስ ዞባ ሃበሮ ብኣስታት 8 ሚልዮን ናቕፋ ዝተዋደደ ፕሮጀክት ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ብ10 ጥቅምቲ ተመሪቑ፣ ኣገልግሎት ክህብ ጀሚሩ።

እቲ ፕሮጀክት፡ 33 ሜትሮ ዝዕምቈታ ዒላ፡ 210 ሽሕ ሜትሮ ኩብ ማይ እትሕዝ ዲጋ፡ 13 ኪሎሜትር ሻምብቆታት፡ 75 ሜትሮ ኩብ እትሕዝ ባኖ ብጁሓያዊ ጸዓት ዝሰርሕ 4 መዐደሊ ነቑጣታትን የጠቓልል።

ኣብ'ቲ ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሃብቲ ማይ ኣቶ መብራህቱ ኢያሱን ዝተረኽቡሉ ስነስርዓት፡ እቲ ፕሮጀክት ብሰንኪ ምንቅልቓል ጸፍሓውን ትሕተ-ባይታውን ማይ ተኸሲቱ ንዝጸንሐ ጸገም ዝፈትሕ ምዃኑ ተገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሃበሮ ኣቶ ፍትዊ ገብረማስቀል ብወገኑ፡ እቲ ፕሮጀክት ንልዕሊ 17 ሽሕ ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ሃበሮ ጸለምን ሃበሮ ጻዕዳን ዘገልግል ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ምምሕዳር ዞባ ምስ ኩሎም መሓውራቱን ናይ ስራሕ መሻርኽትን ንዘበርክትዎ ኣበርክቶ ኣመስጊኑ።

ነቲ ፕሮጀክት ንምትግባር መጸናዕቲ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ከምእተገብረን ውጽኢቱ እወታዊ ምንባሩን ዝሓበረ፡ ሓላፊ ጨንፈር ማይ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ዘርኣ ወልደትንሳኤ ድማ፡ ህዝቢ ነዚ እፎይታ ፈጢሩሉ ዘሎ ስርዓት ቀረብ ማይ ብውሕልነት ክጥቀመሉን ብግቡእ ክዕቅቦን ተላቢዩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ኣብ መወዳእታ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ከምኡ'ውን ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ካብ መጽናዕቲ ክሳብ ትግባረ ንዘበርክትኦ ኣበርክቶ ብምምጋስ፡ ተጠቀምቲ ነቲ ፕሮጀክት ብጥንቃቐ ክሕዝዎን ክከናኸንዎን ኣዘኻኺሩ።



## ኣብ ባጽዕን ዓዲ-ቐይሕን፡ ደገፍ ናውቲ ትምህርቲ ተገይሩ

ኣብያተ-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡሳን ዞባታት ባጽዕን ዓዲ-ቐይሕን፡ ን378 ደቂ ስውኣትን ጽጉማት ወገናትን ናይ ናውቲ ትምህርቲ ሓገዝ ገይሮም።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ን250፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ ድማ ን128 ጽጉማት ወገናት ንዓመት ምሉእ ዘገልግል ናውቲ ትምህርቲ ተዓዲሉ።

እዚ ዓመት መጸ ኣብ ምጅማር ትምህርቲ ዝዕደል ሓገዝ፡ ጽጉማት ወገናት ካብ መኣዲ ትምህርቲ ንኸይሰናኸሉ ዝዓለመ እዩ።

እቲ ናውቲ ትምህርቲ ናይ ምዕዳል መሰርሕ፡ ምስ ምምሕዳራት ከባቢን ኣብያተ-ትምህርትን ብምርድዳእ ብዝተገብረ መጽናዕቲ ከምእተሰላሰለ፡ ሓለፍቲ ናይ'ቲ ኣብያተ-ጽሕፈት ገሊጾም።

ብዘይካ'ዚ፡ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኑሓሰ ን18 ዘኽታማትን ምስ ኤች.ኣይ.ቪ. ዝነብሩ ቈልዑን ንፍሲ-ወከፎም 7,200 ናቕፋ ገንዘባዊ ደገፍ ከምዝገበረ፡ እቲ ሓበሬታ ወሲኹ ኣፍሊጡ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ሕጽረት ‘ኣይረን’ ንርብዒ ህዝቢ ዓለም ዝጸሉ ሕማም

ዋሕዲ ‘ኣይረን’ ብቐሊሉ ክተሰልዮ ዝከኣል ኣይኮነን፡፡ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ 8 ሽሕ ኣባጽሕ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ነዚ ሓቂ’ዚ ዘጽርር እዩ ነይሩ፡፡ እቲ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ፡ ልዕሊ 29 ሚእታዊት ካብቶም ኣብቲ መጽናዕቲ ዝተሓርዩ ኣባጽሕ፡ ዘይተጸበዩዎ ዋሕዲ ኣይረን ከም ዘለዎም ተፈሊጡ፡፡

**ኣይረን እንታይ እዩ ዝጠቅመና?**

‘ኣይረን’ ኣብ ኣካላትና ሓያሎ ጥቕምታት እዩ ዘለዎ፡፡ እቲ ዝበለጸ ወሳኒ ተራ ምፍጣር ሄሞግሎቢን ኣብ ደምና እዩ፡፡ ኦክሲጅን ተሰኪሙ ናብ መላእ ኣካላትና ዘብጽሕ ድማ ሄሞግሎቢን እዩ፡፡

ወሳኒት ‘ሄሞግሎቢን’ ከምኡ’ውን ‘ኣይረን’ ኣብ ደም

‘ሄሞግሎቢን’ (hemoglobin) ኣብ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ዝርከብ ኮይኑ፡ ኦክሲጅን ናብ መላእ ኣካላትና ንኸብጽሕ የኽእል፡፡ ኣካላትና እኹል ‘ሄሞግሎቢን’ ምስ ዘይህልዎ፡ ቲሹታትን ጭዋዳታትን ሰብነትና - ብግቡእ ንኽሰርሑ ዝሕግዞም ኦክሲጅን ኣይረኽቡን ማለት እዩ፡፡ እዚ፡ ናብ ሕማም ዋሕዲ ደም - ማለት ኣነምያ (anemia) የቃልዕና፡፡ ብዙሕ ዓይነት ኣነምያ እኳ እንተሎ፡ ኣብ መላእ ዓለም ብዝበዝሐ፡ ዝተራእየ - ብዋሕዲ ‘ኣይረን’ ዝኸሰት ሕማም ኣነምያ እዩ፡፡

ኣካላትና ‘ሄሞግሎቢን’ ክሰርሕ ናይ ግድን ‘ኣይረን’ የድልዮ፡፡ ዋሕዲ ሄሞግሎቢን ምስ ዋሕዲ ‘ኣይረን’ ስለ ዘጸጋር፡ ዋሕዲ ‘ኣይረን’ ዘለዎ ሰብ ብሕማም ኣነሚያ ብቐሊሉ ይጥቃዕ፡፡

‘ኣይረን’፡ ደም ዘመንጩ ኣገዳሲ ባእታ ኣለዎ፡፡ 70 ሚእታዊት ናይ ኣካላትና ‘ኣይረን’፡ ኣብ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ይርከብ፡፡ እዚ ‘ሄሞግሎቢን’ ይብሃል፡፡ ኣብ ጭዋዳታትና ብኸፊል ዝርከብ ‘ኣይረን’ ኣሎ፡፡ እዚ ድማ ‘ማዮግሎቢን’ (myoglobin) ይብሃል፡፡ ኣብ ጭዋዳታትና ዝርከብ ‘ማዮግሎቢን’ ካብ ‘ሄሞግሎቢን’ ዝተረክቦ ኦክሲጅን ዓቂቡ ከም ኣድላዪኡ ይፍንዎ፡፡

‘ኣይረን’ ኣብ ማሰርሒ ስርዓት-ምሕቃቕ መግቢ፡ ስርዓት-ምስትንፋስ፡ ምፍጣር ጸዓት ከምኡ’ውን ‘ዲኤንኤ’ (DNA) ኣብ ምጽማር ልዑል ጥቕሚ እዩ ዘለዎ፡፡

ኣስታት 6 ሚእታዊት ናይ ኣካላትና ‘ኣይረን’፡ ንስርዓት እስትንፋስ ከምኡ’ውን ‘ሜታቦሊዝም’ ኣገዳሲ ብዝኾነ ፕሮቲን ዝተወሃሃደ እዩ፡፡ ኣይረን፡ ንጡፍ ስርዓት ምክልኻል ሕማም ክህልወና እውን ኣገዳሲ እዩ፡፡

25 ሚእታዊት ኣብ ኣካላትና ዘሎ ‘ኣይረን’፡ ኣብ ዋህዮታት እዩ ዝርከብ፡ ብደም ከኣ ናብ መላእ ሰብነት ዕደት ይግበር፡፡ ብዝሖጋም ሓደ በጽሒ 1 ሽሕ ሚሊ ግራም ዝተኸዘነ ‘ኣይረን’ ኣለዎ፡፡ ብዚይ ጸገም ንልዕሊ ክልተ ዓመት ክነብሮ ይኽእል፡፡ ደቂ-ኣንስትዮ ግን፡ ብዝሖጋም 300 ሚሊ ግራም እዩ ኣብ ሰብነተን ዝተኸዘነ ‘ኣይረን’ ዘለወን፡፡ በዚ እየን ድማ ቀልጢፈን ብዋሕዲ ኣይረን ዝጥቃዓ፡፡ እንወስዶ ዓቐን ‘ኣይረን’ እንተወሓደ፡ ኣብ ኣካላትና ዝኸዘን ‘ኣይረን’ እናጕደለ ክኸይድ ንብር እዩ፡፡ እዚ ድማ፡ መጠን ‘ሄሞግሎቢን’ ንኽጐድል ጠንቂ ይኸውን፡፡

እቲ ዝተኸዘነ ‘ኣይረን’ እናተጸንቀቐ ምስ ዝኸይድ፡ ናብ ዋሕዲ ‘ኣይረን’ ወይ ሕማም ኣነምያ የምርሕ፡፡

**ብዋሕዲ ‘ኣይረን’ ብኸመይ ኢና ክንጥቃዕ እንኽእል?**

ሓደ ሰብ እኹል ዝተወሰነ መግቢ ጥራይ ምስ ዘወስድ ብዋሕዲ ኣይረን ክጥቃዕ ይኽእል፡፡ ወይ እውን ሓንቲ ጓል-ኣንስተይቲ ነፍሰጾር ምስ እትኸውን’ሞ ፈጺማ ዝተመጣጠነ መግቢ እንተዘይወሰደት ዋሕዲ ኣይረን ከጋጥማ ይኽእል፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ እንወስዶ መግቢ እኹል ማዕድን ‘ኣይረን’ ብዘይ ምህላው ብቐሊሉ ክስዕብ ዝኽእል ዓይነት ሕማም ኣይኮነን፡፡ ሓደ ካብቲ ብቐዳምነት ዝጥቀስ ጠንቂ ሕማም ኣነምያ፡ ሰብነትና ካብቲ ዝትክኦ ንላዕሊ ብቐልጢፉ ደም ክጠፍእ ምስ ዝርኢ እዩ፡፡ ናብ’ዚ ጸገም’ዚ ከቃልዑና ዝኽእሉ ልሙዳት ጠንቅታት ከኣ፡ ኣብ ከስዐ ወይ ኣብ መዓንጣ መድመይቲ እንተደኣ ኣሎ እዩ፡፡ መንሽሮ ናይ ከስዐን መዓንጣን እውን፡ ከም ጠንቅታት ክጥቀሱ ይኽእሉ እዮም፡፡ ኣብ ግዜ ወርሓዊ ጽግያት፡ ኣብ ገለ ደቂ-ኣንስትዮ ዝርአ ብዝበዝሐ ምፍሳስ ደም ከም ጠንቂ ይኸውን እዩ፡፡

ንብር ደረጃ ሄሞግሎቢን ኣብ ደም፡ ካብ 11 ክሳብ 18 ግራም ኣብ ደሲ ሊትሮ ወይ ካብ 110 ክሳብ 180 ግራም ኣብ ሓደ ሊትሮ እዩ፡፡ ትሕቲ’ዚ ዓቐን ኣነምያ ይብሃል፡፡

**ጠንቅታት ዋሕዲ ‘ኣይረን’**

ጠንቅታት ዋሕዲ ኣይረን ኣብ ደም ዝተፈላለዩ እዮም፡፡

- ኣይረን ትሕዝቶ ዘለዎም መግብታት ዘይምውሳድ፡
- ነፍሰጾር ወይ ብዝበዝሐ ደም ምፍሳስ ኣብ ግዜ ወርሓዊ ጽግያት፡



- ውሽጣዊ መድመይቲ
- ኣካላትና ዝረኽቦ ኣይረን መጸዩ ክትርፎ ዘይምኽኣል፡
- ብሰንኪ ሓደጋ ብዙሕ ደም ምፍሳስ፡
- ዋሕዲ ሃይድሮ ክሎሪክ ኣሲድ ኣብ ከስዐ፡
- ዘይተመጣጠነ መግቢ ምውሳድ፡
- ንነዊሕ ዓመታት ግዙእ ኣልኮላዊ ማስተ ምኻን ክጥቀሱ ይኽእሉ፡፡

ዋሕዲ ኣይረን፡ ኣብቲ ብሰንኩ እነርእዮ ምልክታት ክልለ ይኽእል እዩ፡፡ ሕጽረት እስትንፋስ፡ ቀጻሊ ድኻም፡ ሕጽረት ኣደኣህ ወዘተ፡ ገለ ካብ’ቶም ምልክታቱ እዮም፡፡ ምልክታት ዋሕዲ ኣይረን - ከከም ኩነታቱ ይፈላለዩ እዮም፡፡ እቶም ምልክታት፦

ኣብ ክብደት ናይ ኣነምያ፡ ኣብ ደረጃ ኣመዓብላ ኣነምያ፡ ኣብ ዕድሜ፡ ኣብ እዋናዊ ሓፈሻዊ ብቕዓት ጥዕና ናይቲ ግዱይ ይምርኮሱ፡፡

ኣብ ገለ ኩነታት እቲ ግዱይ ዝኾነ ምልክት ከርኢ ኣይክእልን እዩ፡፡

**ቀንዲ ምልክታት ዋሕዲ ኣይረን ዘይልሙድ ድኻም**

ኣካላትካ ረሽሽ ምባልን ተደጋጋሚ ድኻምን ሓደ ካብ’ቲ ቀንዲ ምልክት ዋሕዲ ኣይረን እዩ፡፡ ኣብ ኣካላትና እኹል ኣይረን ብዘይምህላው፡ ኣብ ደምና ኦክሲጅን ተሰኪሙ ናብ መላእ ሰብነትና ዘብጽሕ እኹል ‘ሄሞግሎቢን’ ዝተባህለ ፕሮቲን የለን ማለት እዩ፡፡ ቲሹታትናን ጭዋዳታትናን እኹል ኦክሲጅን እንተዘይረኺቦም ድማ፡ ብግቡእ ስርሖም ስለ ዘይዓሙ ድኻም ክስመዓና ንብር እዩ፡፡

ብዋሕዲ ኣይረን ዝፍጠር ዘይልሙድ ድኻም ንምፍዋስ፡ ግዱያት - ግቡእ ጻዕርን ሕክምናዊ ክንክንን ከም ዘድልዮም እዩ ዝምከር፡፡

**ምፍሕሻው/ምጽምላው ቈርበት**

ሕብሪ ቈርበትና ክፍሕሹ ወይ ክጽምሉ፡ ከምኡ’ውን ታሕተዋይ ከበሮ ዓይኒ ዘይልሙድ ሕብሪ ክሕዝ - እቲ ካልእ ምልክት ዋሕዲ ኣይረን ኣብ ኣካላትና እዩ፡፡ ኣብ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደምና ዝህሉ ሄሞግሎቢን፡ ደምና ቀይሕ ሕብሪ ከምዝህልዎ ይገብር፡፡ ውሑድ ሄሞግሎቢን ኣብ ዝህልወና እዋን፡ ሕብሪ ደምና ፍሕሽው ዝበለ ቀይሕ ሕብሪ ከም ዝሕዝ ይኸውን፡፡ በዚ እዩ ድማ፡ ሕብሪ ቈርበትና ዘይንቡር ሕብሪ ክሕዝን ክፍሕሹን ዝርአ፡፡

ዋሕዲ ኣይረን ኣብ ዘለዎም ሰባት ዝርአ ምፍሕሻው ቈርበት፡ ኣብ መላእ ክፋል ሰብነት ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ወይ’ውን ኣብ ዝተወሰነ ክፍሊ ሰብነት ጥራሕ ክርአ ይኽእል፡፡ ንኣብነት፦ ኣብ ገጽ፡ ግርጻን፡ ኣብ ውሽጢ ከንፈር ወይ ኣብ ታሕተዋይ ከበሮ ዓይኒ፡ ኣብ ኣጻብዕቲ ወዘተ፡፡

ሓኪይም፡ ዋሕዲ ኣይረን ኣለካን የብልካን ተቓዲዱምም ዝርእዩዎም ክፍሊ ኣካላት - እዞም ዝተጠቕሱ እዮም፡፡ ዋሕዲ ኣይረን ከኣ፡ ናይ ደም መርመራ ብምግባር ዝያዳ ይንጸር፡፡ ምፍሕሻው ቈርበት፡ እቲ ሕማም ኣነምያ ኣብ ማእከላይ ወይ ዝለዓለ ደረጃ ምስ ዝህሉ እዩ ዝያዳ ዝገሃድ፡፡

**ሕጽረት እስትንፋስ**

ሄሞግሎቢን፡ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደምና ኦክሲጅን ተሰኪምም ናብ መላእ ሰብነትና ከብጽሑ እዩ ዘኽእሎም፡፡ ብሰንኪ ዋሕዲ ኣይረን መጠን ናይቲ ሄሞግሎቢን ውሑድ እንተሎ፡ ናብ ኣካላትና ዝበጽሕ መጠን ኦክሲጅን ክወሕድ ግድን እዩ፡፡ እዚ ማለት፡ ጭዋዳታት ኣካላትና ዋላ ሓጺር ጉዕዞ ክኻይድ ዝድልዮ ኦክሲጅን ብግቡእ ኣይረኽብን፡፡ ከም ውጽኢቱ ስርዓት እስትንፋሶና ዝያዳ ኦክሲጅን ንኽረኽብ ካብ ንቡር ዝቐልጠፈ ይኸውን፡፡ ሕጽረት እስትንፋስ ከጋጥመና ንብር ይኸውን፡፡

**ሕማም ርእሲን ምዝንጋዕን**

ዋሕዲ ኣይረን፡ ርእሲ የሕምምን የዝረራን እዩ፡፡ እዚ ዓይነት ምልክት’ዚ ብፍላይ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ንቡር እዩ፡፡ እዚ ዓይነት ምልክት፡ ኣብ’ቶም ዋሕዲ ኣይረን ዘለዎም ሰባት ብዝበዝሐ ዝርአ ኣይኮነን፡፡ ዋሕዲ ኣይረንን ሕማም ርእስን ዘለዎ ምትእስሳር ዛጊት ንጹር ኣይኮነን፡፡ ብሰንኪ ዋሕዲ ሄሞግሎቢን ናብ ሓንጎልና ዝበጽሕ ኦክሲጅን ስለ ዝውሕድ፡ እቲ ምሕማም ርእሲ ከም ዝርአ እዮም ሓኪይም ዝገልጹ፡፡

**ምውሳኽ ህርመት ልቢ**

ምውሳኽ ህርመት ልቢ (heart palpitations)፡ ሓደ ካብ ምልክታት ዋሕዲ ኣይረን እዩ፡፡ ሓኪይም ኣነምያን ህርመት ልብን ዘለዎ ምትእስሳር ንምንጻር፡ ሓያሎ መጽናዕትታት ኣብ ምክያድ እዮም ዝርከቡ፡፡ ዋሕዲ ኣይረን ምስ ዋሕዲ ሄሞግሎቢን ምትእስሳር ክሳብ ዘለዎ፡ ልቢ - ኣካላትና ዝጠልቦ ኦክሲጅን ዝሓዘለ ደም ክትጭንገዕ ሓያል ስራሕ ከም ዘድልያ ሓኪይም ይገልጹ፡፡

**ምንቃጽ ቈርበትን ምስባር ጸጉሪ ርእስን**

ምንቃጽ ቈርበትን ምስባር ጸጉሪ ርእስን፡ ምልክት ዋሕዲ ኣይረን ክኸውን ከም ዝኽእል ይግለጽ፡፡ ቈርበት ሰብነትናን ጸጉሪ ርእስናን ብዋህዮታት እዮም ዝሕደሱ፡፡ ዋህዮታት ሰብነትና እኹል ኦክሲጅን ምስ ዘይረኽቡ፡ ብቐሊሉ ጸጉሪ ርእሲ ኩብቁሉን ቈርበትና ከሓድሱን ኣይክእሉን፡፡

**ምቝሳል መልሓስን ኣፍን**

ኣፍናን መልሓስናን ብምምልካት፡ ዋሕዲ ኣይረን ኣለናን የብልናን ከለለ ይከኣል እዩ፡፡ መልሓስና ምስ ዝጸምሉን ምስ ዝቖሰልን፡ ከምኡ’ውን ምስ ዝለምጽ ምልክት ዋሕዲ ኣይረን ክኸውን ከም ዝኽእል ኣስተብህል፡፡ ዋሕዲ ኣይረን ኣብ ውሽጢ ኣፍና እዞም ዝስዕቡ ምልክታት የርኢ፦

- ምንቃጽ ኣፍ፡
- ዝተቓጸለ ስምዒት ኣብ ኣፍ፡
- ምቝሳልን ምዕንባበን ኣፍ፡

**ስሉን ቃንዛን መሓውር**

ዋሕዲ ኣይረን ስሉን ቃንዛን ከምኡ’ውን ዕረፍቲ ዝኸልእ ቃንዛ መሓውር ይፈጥር፡፡ ዕረፍቲ ዝኸልእ ቃንዛ መሓውር ማለት፡ ኣብ ክንዲ ትዛ ቀጻሊ ክትንቀሳቐስ ምድላይ ማለት እዩ፡፡ እዚ ዓይነት ስምዒት’ዚ ዝያዳ ኣብ ለይቲ ስለ ዝመጽእ ድቃስ ዝኸልእ ይኸውን፡፡ መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ 25 ሚእታዊት ካብ’ቶም ዋሕዲ ኣይረን ዘጋጥሞም ሰባት ዕረፍቲ ብዘኸልእ ቃንዛ መሓውር ይሳቐዩ፡፡

**ተሰባሪን ቅርጺ ማንካ ዝሓዘን ጽፍሪ ኣጻብዕቲ**

ዋሕዲ ኣይረን ዘለዎም ሰባት፡ ጽፍሪ ኣጻብዕቶም ብቐሊሉ ክስበር ይርአ፡፡ ቅርጺ ናይቲ ጽፍሪ’ውን ከም ናይ ማንካ ጉብጥ ዝበለ ቅርጺ እዩ ዝሕዝ፡፡ እዚ ምልክት’ዚ፡ ብዝበዝሐ ኣብቶም ግዱያት ኣይርአን እዩ፡፡

**ዋሕዲ ኣይረን ብኸመይ ይፍወስ?**

ሓንሳብ ጠንቂ ናይቲ ተኸሲቱ ዘሎ ዋሕዲ ‘ኣይረን’ ወይ ኣነምያ እንተደኣ ተፈሊጡ፡ ሓኪይም መመላእታ ናይቲ ማዕድን ዝኾነ መድሃኒት ብምሃብ ብቐሊሉ ክፍውሰዎ ይኽእሉ እዮም፡፡ ኣብዚ እቲ ግዱይ/ሕሙም ክገብሮ ዝግባእ ጥንቃቐታት ከም ዘሎ ግን፡ ክንዝንግዖ የብልናን፡፡

ሓደ በዚ ሕማም’ዚ ዝተጠቕዐ ሰብ፡ ኣብ ደሙ ዘሎ መጠን ‘ኣይረን’ ክሳብ ዝመሓየሽ፡ ናብ ሕክምና ብምኻድ ብተደጋጋሚ/ቀጻሊ ናይ ደም መርመራ ክገብር የድሊ፡፡ ሻሂ፡ ቡን፡ ጸባን ውጽኢት ጸባን - ከሎም እዚኦም ኣካላትና ን’ኣይረን’ መጸዩ ክትርፎ ንዘህልዎ ዓቕሚ የጉድልዎ እዮም፡፡ ስለ’ዚ ክንወስዶም ኣይግባእን፡፡ ድሙቕ ቀጠልያ ዝቖጽሎም ኣሕምልቲ፡ ስጋ፡ ተምርን ጥረታትን ድማ ልዑል ምንጪ ኣይረን እዮም፡፡ ስለ’ዚ ብዝበዝሐ ክትምገቦም ይምረጽ፡፡ ብማዕድን ኣይረን ዝሃብተሙ - ከም ኩቡዩ፡ ቀይሕ ሱርን ካልኦትን ዝለዓለ ኣይረን ስለ ዘለዎም ኣገደስቲ እዮም፡፡ ኣይረን ምውሳድ ንበይኑ እኹል ስለዘይኮነ ግዱ፡ እቲ ዝተወሰደ ኣይረን ኣብ ኣካላትና ተዓቂቡ መኣዛዊ ጥቕሚ ክህብ ምእንቲ፡ እቲ ሕሙም ቫይታሚን ‘ሲ’ ክወስድ ይግባእ - ለሚን፡ ኣራንሺ ወዘተ፡፡ ቱፋሕ እውን ልዑል ትሕዝቶ ኣይረን ኣለዎ፡፡

### ኣገደስቲ ሓቅታት ብዛዕባ ሕጽረት ኣይረን

- ሕጽረት ኣይረን፡ ትሑት ቁጠባዊ እቶት ኣብ ዘለዎም ስድራቤታት ዜጉ ዝርአ ሕማም ኮይኑ፡ ብፍላይ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ከቢድ ጥዕናዊ ጸገም ይፈጥር፡፡• ኣነሚያ፡ ሓደ ርብዒ ካብ ህዝቢ ዓለም ዘጥቅዕ ዘሎ ሕማም እዩ፡፡ ብፍላይ ንህጻን፡ ነፍሰጾር፡ ድሕሪ ሕርሲ ንእትርከብ ኣደ፡ ከምኡ’ውን ወርሓዊ ጽግያት ክመጻ ንዝጀመረት ጎርዞ ዝጸሉ ልዑል ቀላሒታ ዘድልዮ ጥዕናዊ ጸገም እዩ፡፡
- ኣብ 2021 ብዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘጽረየ፡ ብሕማም ኣነሚያ ናይ ዝተጠቕዑ ብዝሒ ህዝቢ ዓለም 1.92 ቢልዮን ነይሩ፡፡ እዚ ኣሃዝ እዚ ምስ ናይ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ክነጻጸር እንከሎ ብ 420 ሚልዮን ወሲኹ፡፡
- ብደረጃ ዓለም፡ 40 ሚእታዊት ኣብ ክሊ ዕድመ ካብ 6 ክሳብ 59 ወርሒ ዘለዉ ህጻናት፡ 37 ሚእታዊት ነፍሰጾራት፡ ከምኡ’ውን 30 ሚእታዊት ካብ 15 ክሳብ 49 ዓመት ዝዕድመአን ደቂ ኣንስትዮ ብሕጽረት ኣይረን ይሳቐዩ፡፡ (ጉበኡብ ውድብ ጥዕና ዓለም)

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045

ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## "ኣደይ'ያ ጸላዊት ገድላዊ ጠመተይ"

2ይ ክፋል

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ዓንቀጽ ናይዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ተጋዳሊት ብርኽቲ ኣብርሃም ንሸነኻታት ኣተዓብብያኣ ኣመልከታ ኣዕሊላትና ነይራ። ዝጸበየትሉ ዓዲ ሊጠን ግራት ጉቡሩ ላዕላይ ኩይኑ፡ ካብ ህጻንነታ ኽላ ጀሚራ ከቢቡእ ካብ ገድልን ወረ ገድልን ጸምዩ ከም ዝዩፈልጥ፡ ብፍላይ ወላዲታ ወ/ሮ ኣረጋሽ፡ ተሓብባሪት ተሓኤ ኩይና ንዋሕ እዋን ትሳጥፍ ከም ዝነበረት፣ ክዳን ተጋደልቲ ብምስጠር ኣብ ሳርቶ ኣሰፍያ ተቐብላ፣ ካብ ዓዲ ናብ ኣስመራ ወረቐት መልእኽቲ ተጋደልቲ ተብጽጽሕ፣ ብጦዜእ ፍቓዳ ሰንቂ ከተብጽሕ ናብ ቦታ ዓውደውግእ ትኸይድ ከም ዝነበረት ኣዘንትያትልና። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ እቲ ኣብ መንጎ ግራትጉቡሩ ላዕላይን ታሕታይን ኣቀጡ ዝነበረ (ካምፕ ፖሊስ) ፖሊስን ኮማንደስን ንህዝቢ ዘይግቡእ ግብሪ እናሓተተ፡ ብፍላይ ድማ ንእስላም ንምንጻል ናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ እና ክዚለ የሳቕን ይሃድኑን ምንባሮ፡ ህዝቢ ክርስትያን ግን ንኣሕዋቱ ምስልምና ኣሕሊፉ ከምዘይሃቦም ገሊጹ፡ ንካምፕ ፖሊስ ኣመልከታ ብርኽቲ ዝኢ ዝስዕብ ተወሳኺ መብርሂ ትህቡ–

ሻምበል ሃብቱ ከም ሓላፊ ፖሊስ ናብቲ ኣቓጣ ተቐይሩ ምስ መጽአ ግን ኣብቲ ኣቓጣ ምምሕያሽ ተራእዩ። እቲ ብመንገዲ ምግላል ምስልምናን ምኽፋል ግብሪ መንግስትን ህዝቢ ዝሳቐየሉ ዝነበረ ፋሉላዊ ስራሕ ተመሓይሹ ህዝቢ ቀሩብ እስትንፋስ ረኺቡ። ማለት፡ ብዘይኣገባብ ንብረትን ጥሪትን ምውሳድ፣ እስላም ክርስትያን እናበልካ ፈላሊኻ ምህራምን ሕማቕ ፕሮፖጋንዳ ምዝራእን ብመጠኑ ከም ዝተመሓየሸ፣ እቲ ትካል ፖሊስ ሕጋዊ ኣገባብ ንክኽተል ሻምበል ዓቢ ተራ ከም ዝተጻወተ እዩ ህዝቢ ዘዘንትዎ።

ስለዚ፡ ከምዚ ዝበለ ንምንቅስቓስ ህዝቢ ዝከታተል ትካል ፖሊስን ሰሊያን ናይቲ ስርዓት ኣብቲ ዓዲ ስለ ዝነበረ'ሞ፡ እቲ ሰውራዊ ምትሕብባር ናብ ጸላኢ ምእንቲ ከይበጽሕን'ያ ርክባታ ምስጢራዊ ትግብሮ ዝነበረት። ካብ ቀይቀ ናይ ኣቦይ ንምኽዋል እውን ትፍትን ነይራ እያ። ምኽንያቱ ኣቦይ፡ "ንሸኺ ሰበይቲ ኢኺ ግዝኺ ኮፍ ዘይትብሊ? ባዕላትየም ዘለዉዎ እንታይ ክትምልእሎም - እዛ ግዛ ሰላማ ክትዘርጊ እንተዘይኰንኪ!?" ይብሎ ስለ ዝበሎ ኣቡኣ ትጉብሮ ዝበረት ምትሕብባር ስክፍታ ነይሩዋ።

ኣቦይ፡ ዓስከር ጥልያን ብምንባሩ ብዙሓ ሃገርን ዕጥቃዊ ቓልስን ኣየርድኦን'ዩ ክበሃል ኣይከኣልን። ግን ኣብቲ መጀመርታ ካብ ተጋደልቲ ብዙሕ ቁምነገር ክርከበ'ዩ ኢሉ ዝሓሰበ ዝነበረ ኣይመስለንን። ምኽንያቱ፡ ብቲ ነደይ ዝኑበረላ ዝነበረ ጸቕጥን ካልእን ኣብቲ መጀመርታ ተገዲሰሉ ኣይነበሮን ኩይኑ ይስመዓኒ። እዚ ሓወይ ተጋዳላይ ኩይኑ ናብቲ ኸበቢ ክቀላቐል ምስ ጀመረ፡ ብፍላይ ድሕሪ ናይ 1977፡ "ኣንታ ትረብሑ'ባ ኢኹም! ብሉ ጠበ ሂቡኩም ኣለኹ" እናበለ ካብ ሽዑ እዩ ገጹ ክመልስ ዝጀመረ።

- ገርማርያም መዓስዩ ናብ ከበቢኹም መጺኡ? ንተሳትፎ ኣደኡ ኣብ ቃልሲ ከመይ ደርኣዮ ነይሩ?

ቀድሚ ገርማርያም ምምጽኡ፡ እቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝነበረ ኢሳቕ ሓወይ እዩ መጺኡ። ንሱ፡ ኣብ 1976 ንኽጋደል ብትግራይ ተጓዒዙ ኣብ ሽራሮ ምስ በጽሐ፡ ኣዕሩኽቱ ደቂ ሊጠን ረኺቡ። ንሳቶም፡ "ኢሳቕ ናበይ ትግዓዝ ኣለኻ?" ኢሎም ምስ ሓተቱዎ ንኽጋደል ከም ዝቐለ ገሊጸሎም። "ገርማርያም ሓውኻ'ኮ ንገድሊ ወጺኡ እዩ፣ ኣጦኻን ኣደኻን በይናም ስለ ዘለዉ ቅድም ደሃይ ወለድኻ ፍለጥ" ምስ በሉዎ፡ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 1976 ናብ ዓዲ መጺኡ። ኢሳቕ ምጽእ ምስ በለ ወለዲ ተብተብ ኢሎም ኣመርዓውዎ'ሞ ኣንፈት ጉዕዞኡ ተቐየረ፡ ሓዳሩ ገይሩ ኣብ ዓዲ ኮፍ በለ።

ኢሳቕ ምስ ተመርዓወ ተጋዳላይ ገርማርያም ኣብርሃም'ውን ከይደንጎየ ንዕረፍቲ ካብ ርብዓ መጺኡ። ንሱ'ውን ወለድና ተቐቢሎም ኣብ ጥሪ ኣመርዓውዎ። ገርማርያም እንግዶ'ሩ፡ ዕረፍቲ ወሲዱ ኣብ ዝተመርዓወሉ ግዜ እዩ ንሸነኻታት ንጥፈት ናይ ኣደይ ዝተዓዘበ። እቶም ኣብ ከባ ዝነበሩ ተጋደልቲ ጀብሃ ሓለፍቶምን ተራ ተጋደልቶምን ናብ ገዛና ብጽዕቂ ክኣትዉን ክወጽኡን ምስ ተዓዘበ፡ ምሰ'ቲ ውድብ ናይ ስራሕ ምትእስሳር ከም ዘለዋ ጠርጢሩ ነደይ ይወቱሳ። ኣደይ ከኣ ምስ ናይ ኳደረ ጉዳይ ዝተሓሓዘ'ምበር ክሽጾኡ ዝኸደ ስራሕ ከም ዘይብላ ትገልጸሉ። ግን ነቲ ሓበሬታ ካብ ኣቦይ እውን ስለ ዝረኸቦ ተወሳኺ መረጋገጺ ኣይደለዩሉን።


ተጋዳሊት ብርኽቲ ኣብርሃም ኣብ ናቕፋ (1992)

ብዘይካ'ዚ ነቲ ኣደይ ኣብ ግዛ ዝኣከበቶ ጽሑፋት ገድሊ ረኺቡ እናኸጸለ ፈተሾ'ሞ፡ "ኢይ ናይ ብሓቂ ተጋዳሊት እንዲኺ ኳንኺ" ይብላ፡ "ምግዳል ደኣ ቅድመኻ ከይተወለድካ ጀሚርናዮ፣ ሕጂ ደኣኸ ብኸመይ ተጋዳሊት ምኻነይ ፈሊጥካ?" "እዚ ኹሉ ኣብዚ ግዛ ዘሎ ጽሑፋት ገድሊኸ? ኣደይ እዚ ስራሕ'ዚ ሓደገኛ'ዩ ክትጥንቀቒ ኣለኪ!" ምስ በሉ ኣደይ ብቑጥዓ "መን ገዝኡሎ ኢሉካ! እዚ ንዓይ ጥራይ እዩ ዝምልከተኒ! ካባኻ ምኽሪ ዝደሊ ኣይኮንኩን!" ኢላ ከምታ ሓዋ ግራዝማች ተኽለሃይማኖት ናይ ስራሕ ጽሑፋት ንዘምልከቶ ጥራይ ክርክብ ከም ዘለዎ ሓቢሩ ንዓኣ ገጽ ዘኸልኣ፡ ንሳ ድማ ንወዳ ኣትረረ ኢሓቶ።

- ከም ተጋዳላይን ከም ሓውን መጠን ንዓኺ'ኸ ከመይ ጸልዩኪ?

ንዕኡ ናይ ምምሳል ባህጊ ነይሩኒ። ግን ካብ ገርማርያም ሓወይ ንላዕሊ ብቐንዱ ኣብቲ በዮም ካድረታት ተጋደልቲ ተሓኤ ኣብ ዓድናን ከበቢናን ዘቖሙዎ "ጽባሕ" ዝበሃል ውዳብ ድሮ ተጸንቢረ ነርኩ። ጽባሕ ማለት፡ ከምቶም ናይ ህዝባዊ ግንባር "ቀያሕቲ ዕንባባ" ተባሂሎም ዝተጸወዑ ናይ ከተማን ገጠርን ትሕቲ ዕድመ ወዲባ ባህላዊ ጉጅለታት ብምቛም ተካይዶ ዝነበረት ንጥፈታት፡ ኣብ ተሓኤ እውን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ወዲባ ንዞባ ርእሰና ብመንገዲና ኣቢላ ንህዝብና ትምህርትን ፖለቲካዊ ንቕሓትን ትህብ ነይራ። ድሒሩ ኣብ ታሪኽ ከም ዝፈለጥናዮ፡ ህዝባዊ ውዳቤታት ውድብ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሓጺር ግዜ እናሓየለን እናሰፍሐን ይኸይድ ነይሩ። እንተላይ ካብቲ ጀብሃ ትቆጻጸሮ ዝነበረት ከባቢታት ሰፊሕ ተቐባልነትን እናረኸበ ይኸይድ ምስ ምንባሩ፡ ተጋደልቲ ሓርነት'ውን ንህዝቢ ክትከስሮ ስለ ዘበሉ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ህዝቢ ኣብ ምውዳብን ኣብ ውድድር ተጸሚዳ እያ።

ካድረታት ተጋደልቲ ሓርነት ምስ ጠርነፉና፡ ዕድመ ብዘይፈሊ ንኸሳትና ኣቶም መሃይምነት ዘጥፍኡና ምሽት-ምሽት ብሓደ ኣብ ሓደ ህድሞ እናኣከቡ ክምህሩና ጀሚሮም። ኣነ ብወገነይ ህንጡይነት ናይ ምንባብን ምጽሓፍን ስለ ዝነበረኒ፡ ፊደላት ክምህሩና ኸለዉ ቀቅልጠፈ ቀብ! ኣበሎም ጀሚረ። ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ድማ ነቲ ጽሑፋት ናይ ተጋደልቲ ሓርነት ከንብቦ ጀሚረ።

ሓደ ግዜ ኣውደኣመት ኩይኑ ብዓል ኣደይ ነቲ ግዛ ለቅሊቓን ኣጻብቓንኣ ኸለዋ፡ ፈሓም ተጠቒመ ኣብቲ መንደቕ "ተጋደልቲ ሓርነት ኤርትራ" ዝብል ጽሒፈ፡ ነታ ጥንደራ ኣውሊዕ ሰኣሊየ። ኣደይ'ውን ብኣይ ተገሪማ፡ "መዓስ ዝተማሃርክዮ? ካበይ ኣምጺእክዮ ከምዚ ምጽሓፍ?" ምስ ሓተተትኒ፡ "መምህር ተሰፋልደት ይምህረና ነይሩ እንድዩ፣ ሽዑ ዝተማሃርኩዎ፡ ዝኢ ኣቐሚጥክዮ ዘለኺ ጽሑፋት ከኣ የንብቦ እየ" በልኩዋ'ሞ፡ ኣደይ ኣተሓሳሰበቶ፡ "ኣብ በረኻ ሐዘኩም ብምስፋረይ ትምህርቲ ተሓሪመኩም ደቀይ!" ኢላትኒ።

ግን እቲ ከውሽና ዝጀመረ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ብሰሩዕ ኣይቀጸለን፣ ኣቋሪጸዮ። ሓደ ወርሒ ምስ መሃሩና ዝያዳ ናብ ባህላዊ ምርኢታት ኣድሂቦም። ኣብቲ ነቕርቦ ዝነበርና ምርኢታት፡ ደርፊ፡ መዛሙር፡ ግጥምታትን ተዋስኦን ወዘተ እዩ፡ እቶም ብሰንኪ ጸጥታዊ ሰግኣት ካብ ኣስመራ ሃዲሞም ናብቲ ዓድታት ዝመጽኡ ዕበይ-ዕበይ ዝበሉ ኣባላት ጉጅለና፡ ኣብ ከተማ ዕድል ትምህርቲ ዝረኸቡ ብምንባሮም፡ ዝያዳ ጽሑፋት ናይ ምንባብን ምጽናዕን ዕድል ነበሮም።

እንተኾኑ ብፍላይ እቶም ካብ ዓመት 1975 ንደሓር ካብ ግዝኦም ተፈናቒሎም ዝመጽኡና ሰድራቤታት፡ እንተላይ ካብ ዓድታት ከበቢ ኣስመራ ዝመጽኡ እዮም። ካብ ቀሽት፡ ጸዕዳእምባ ከበቢ ጸዕዳክርስቲያን፡ ዓደጠኻኺይ ካብ ግፍዕታት ሰራዊት መንግስትን ቀይሕባርን ሃዲሞም ናብ ሊጠንን ከበቢኣን ደብደቡና። ቀልዑ ብዘይ ኣደ እንዳ ኣዘማዶም መጺኦም ቀንፈዘው ክበሉ ኸለዉ፡ ብዓል ኣደይ ከሰንሎኦምን ክእብዩኦምን ይዝከረኒ። ኣደ ብዘይ ደቃ፣ ሰብኣይ ብዘይ ሰበይቱ ደቂ ጥራይ ሐዙ በይኑ፣ ገለ ሰብኡት'ውን ንበይናም፣ ኮታ ፋሕፋሕ ዝበለ ሰድራቤታት ዝራኣያሉ ግዜ እዩ ነይሩ። ኣብቲ ባህሊ ኸኣ ይመርሐናን ጸቡቕ ተራ ይጻወቱን ነበሩ።


ንጉጅለና 'ጉጅለ ባህሊ ጽባሕ' ዝጠርነፈና ዝነበረ ተጋዳላይ፡ ዓብደልዓዚም ኑርሕመድ እዩ። ሽዑ፡ ኑተን ዝወሃቢ ደርፊ ዜማን ግጥምን ቀልጢፈ እየ ዝሕዝ። ብዓል ሓጎሳ ጣዕማይ፡ ምሕረት ጓልቦይ ሃብትማርያም፡ ጓል ዳንጎሽ ካብ ሓቦ፡ ሰወእ ግርማይ ተኽለሃይማኖት ካብ ቀራናሹዶ ይዝከሩ። ካብ ግራት ጉቡሩ መዓብይቲ ድማ፣ ውዳሰ ሃግርያም፡ ኣፍሪቃ ምሳና ኣባላት 'ጉጅለ ባህሊ ጽባሕ' ነይሮም። ካብ ከሎቶም ዝኣስና ኣሃን ዓጀላ ጓል ቀራናሹዶን ኢና።

ንሕና ኣብ ኩሉ ዓድታት እናኸድና ምርኢት ነቕርብ ነርና። ብፍላይ ሃገራዊ በዓላት፡ ከም ሓደ መስከረም ምጅማር ብረታዊ ቓልሲ ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ምሉኩናይ፡ ዓድንኣምን፡ ደቅሽሓይ፡ መቕርካ፡ ቀራናሹዶ፡ ዴዴ ሓባላ፣ ኩታ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ዓድታት ለንጎዓንስባ ዑደት ንገብር ነርና።

ፖለቲካዊ ትምህርቲ ይወሃበና ስለ ዝነበረ'ውን ኣብ ኤርትራ ዝመጽኡ ግዝኣት ሓይልታት ሓደ ኽልተ እናበልና ክንጽብጸቦም ጀሚርና። ተጋዳሊት ሰግደይቲ ንዓና ይኸሉን ንህዝቢ ትእከቦን ፖለቲካ ትምህርትናን ዝበረት ንፍዕቲ ኣብ ርእሲ ምንባራ፡ ንሳን ዕጥቃ፡ ሃጸላኣን ጉዝናኣን ክርእያ ከለኹ፡ ቀልጢፈ ጎበዘ ከምኣ ተጋዳሊት ክኸውን ደምየ ነርኩ። ኣብቲ ዝወሃበና ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ብትሽርረት ይከታተል ስለ ዝነበርኩ ድማ፡ ሓንቲ ካብቶም በዮም ካድራት ኣቓልቦ ዝተኣበረሎም ቆልዑ ኩንኩ። ክሳብ 1979 ምስኣቶም ጠቢቐ ይሰርሕ ስለ ዝነበርኩ ሰድራቤታዊ ንጥፈት ይተርፍ'ሞ፡ ኣብ ገዛና ናተይ ናይ ጉሰት ኣገልግሎት ሃንፍ ተፈጥረ። ኣቦይ ከኣ የጉረምርም። ኣደይ ግን ካብ ተሳታፍነተይ ኣይዓንቀፈትንን። ከም ልበይ ምስ 'ጽባሕ' ክንቀሳቐስ ሸለል ምባላ ጥራይ ንባዕሉ ምትብባዕ እዩ። በቲ ብዓንተቦኡ ካብ ኣደይ ዝረኸቦ ዝነበርኩ ዛንታ ገድልን ናይ ግዜኣ ርእሳ ንገድሊ ትጉብሮ ተዋሳእነትን ድማ ኣብ ኣእምሮይ መሰረት ተጸፊፉ። ብዘይ ምግናን ኣደይ ንሃገራዊ ቓልሲ ዝበራ ደገፍ ወኒ ወሲኻ ትሰርሓሉ ነይራ እያ።

- ምትሕብባር ኣደይ ኣማሪሹ ምስ ተሓኤ ብልክዕ ክሳብ መዓስ ቀጸሉ?

ክሳብ ተሓኤ ካብ ከቢታት ኤርትራ ጠቕሊላ ንባርካ ሱዳን ዝሰገረትሉ ግዜ ብዝለዓለ ደረጃ ትሰርሓሉ ነይራ። ኣብ መወዳእታ 1970ታት ብብሉቐታት ኣስመራ ምእታውን ምውጻእን ዝያዳ እናተረረ፡


ተጋዳሊት ብርኽቲ ኣብርሃም ኣብ ክ/ታዕሊም - ዲላባሩ (1986)

መንገዲ እናጸበበ ምስ ከደ ጥራይ ጸዕቂ ምንቅስቓሳ ንምድራት ኣገባብ ቀይራ። ናይ ኣቦይ ጸቕጢ'ውን ስለ ዝበዝሐ፡ ሃዘ ጸገም'ዘኣ ንምፍታሕ ናብ ኣስመራ ናይ ምእታውን ምውጻእን ስራሕ ናባይ ኣሰጋገረቶ።

ሓደ መዓልቲ ኣብ ጎድና ኮፍ ኣቢላ ጭግግየተይ እናዳህሰሰት፡ "ብርኽቲ ጓለይ፡ ኣስመራ ክወስደኪ እየ፣ ኣብኡ ዘለዉ በተሰብ ደቀኻኺ ክላልየኪ?" በለትኒ'ሞ ኣነ ድማ ተሓጎስኩ። ብመሰረት ምርድዳእና ኸኣ ናብ ኣስመራ ሐዚትኒ ኣትያ። ናብ እንዳቦይ ከየላገሰና ትኽ ኢልና ብቐዳምነት ናብ ጓልኮይ ሳራ ወልዱ ሰይቲ ኮሎኔል ቦታ ሽላጆ ኣተና'ሞ ምስኣቶም ኣላለየትኒ። ሳራ ጓል ዕዳጋ ሓሙስ እያ፣ ሓዳራ ግን ኣብ ሽላጆ።

ኣብ እንዳ ኮሎኔል ኣደይ ምስ ሳራ ከተዕልል ከላ ሓሊፈ ትሕዝቶ ዝርርበን ይሰምዖ ነርኩ። ገለ ካብቲ ንኣቓልቦይ ዝሰሓበ ቃላት ናይ ሳራ፡ "ንእሽ" ኢላ ነደይ ክትምልሰላ ኸላ እዝክር። ኣደይ ድማ፡ "ከምቲ ምንኣሳ ኣይኩነን ኣተሓሳስባኣ በሊሕ'ያ!" እናተበሃሃላ ክመላለሳ ኸለዋ ብዝዕባይ ምኳነን ተረዲኣኒ። "ስራሕ ግዲ እየን ከጀምራኒ ደልየን? ... " ዝብል ሓሳብ'ውን መጺኡኒ። ኣብ መወዳእታ ኣደይ ንሳራ፡ "ካብ ሕጂ ንደሓር ኣነ ናብ ኣስመራ ክመላለስ ጸገመኒ ስለዝኾነ ንዓኣ እያ ክልእከልኪ... " እናበለት መደምደምታ ክትገብር ሰሚዐኩዋ። ንዓይ ጸዊዓ ድማ "ብርኽቲ ጓለይ፡ ካብ ሕጂ ርኢኺያ ኣለኺ፣ ክልእኸኪ ኸለኹ ዝሓዝኪ ሒዝኪ ትኽ ኢልኪ ናብ ሳራ ትመጽኢ" በለትኒ'ሞ ኣነውን ብሓጎስ ተቐቢለያ ንዓድና ተመለስና።

ካብ መጀመርታ 1978 ጀሚራ ኸኣ ኣነ ባዕላ ካብ ዓዲ ናብ ከተማ ኣስመራን ብኣንጻሩን ተብጽጽሖ ዝነበረት መልእኽቲ ናይ ተጋደልቲ ብመንገደይ ክተሳልጦ ጀሚራ። ትጥቀመሉ ዝነበረት ሜላ ርቐቕ ዝበለ እዩ። ብቐንዱ ኣነ ኣብቲ ግዜ'ቲ ጓል 10 ዓመት ቆልዓ ስለ ዝነበርኩ ፈታሽ ንዓይ ብዙሕ ከጥርጥሩኒ ኣይክእሉን እዮም። ናብኦም ዓበይቲ ጥራይ እዮም ዘድህቡ። እቲ ኻልኣይ ጥንቃቐ ድማ ኣደይ ነቲ ውድባዊ መልእኽቲ ዝተጻሕፎ ወረቓቕቲ ሰብ ኣብ ዘይጥርጥሮ ክፋል ናይ ክዳነይ ትሰፍየን ነበረት።

ይቕጽል

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ምስ መን እንታይ ትዛረብ?

እቲ ኣብ ህይወት ምስ ሰባት ብጽቡቕ ከቀራርበናን ከረዳድኣናን ዝኽእል ጥበብ ግሉጽነት ምስ እንግዕበል እዩ። ሓቀኛ ምኽልና ነቲ ኣብ ወሽጥና ዘሎ ሓሳባት ምስ ሰባት ብግልጺ ክንዛራረበሉ ምኽኣል እዩ። ምስ ካልኦት ብዙሕ ግዜ - ርእሰኻ ኣብ እትዛረበሉ እዋን ንኡበሽኻ ብልክዕ ግለጾ። ብዙሓ ውሽጣዊ ከኣታታኻን ሓሳባትካን ብጠዋዊእ ከተረድእ ፈትን። ብእኡ መጠን ከኦ ነቲ ምስ ካልኦት ክትገምግሮ ትደልዮ ዘሎኻ ዝምድና፤ ኣብቲ ዝደለ ደረጃ ክተብጽሖ ትኽእል። ግሉጽነት ምህላው ኣብ መንጎኻን ካልኦት ሰባትን ክሀሉ ንዘዋውእ ሌላን ኣፍልጦን የዕቢ። ኣበዮናይ ኣርእስቲ ከም እትሰማማዕን ኣበዮናይ ከምዘይትሰማማዕን ብኡጋ ክበርሃልካ ከኣ ይኽእል።

ኩሉ ሰብ ኣሉታዊ ምስጢር ኣለዎ። ገለ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝገበርናዮ ኣቢር እሞ ሕጂ ክንዛረበሉ ዘሕፍረና እዩ። ንሓዋሩ ክንውንሶም ዘይንደሊ. ግን ከኦ ኣብ ሕሉፍ ህይወትና ዘጋጠመና ስምዒታት ምስ ዝሀሉ. ኣብ መንጐትና ጸገም ከየምጽኡ ኣልና ኣይንዛረበሉን ኢና። ከም እዚኦም ዝኣመሰሉ ነቲ ምስጢር ብኸፍኣት ዘይኩኑ ሃዲእካን ሓሲብካን ሰብ መሪጽካ ክትዛረበሉ ምኽኣል እቲ ዝበለጸ እዩ።

ገለ ጉዳይ ክይተዛረብናሉ ምኻና ዝተርፍ ክህሉ'ውን ይኽእል። ግሉጽነት ካብ ካልኣይካ ተቐባልነትን ተፈታውነትን እትረኽበሉ እንኮ መንገዲ ኣይኮነን። እንተኾነ ነቲ ምስ ካልኣይና እንገምግሮ ዝምድና ዓሚቁን ድልዱልን ክኸውን ካብ ዝኾኑ ረቛሒታት ሓደ'ዩ። ግሉጽነት ኣብ ህይወትና ዓቢ ተራ ኣለዎ ንብል እንተ ደኣ ሃሊና፣ ብእኡ መጠን ከኣ ሓደጋታት ከምዝለዎ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ። ንመን ግሊጺ ኩይንካ ትዛረብ ንምፍላጥ ብዙሕ ምስትውዓል ይሓትት። እቲ ወሳኒ ነገር ቅንዕና'ዩ። እንተኾነ ገለ ሰባት ኣዚኻ ክትጥንቀቐሎም ዘለካ ኣለዉ። ነቲ ብቕንዕና ክትገምግሮ እትደሊ ዝምድና፣ ናይ ውልቐም ጥቕሚ ጥራይ ሓሲቦም ከታልሉኻ ስለ ዝኽእሉ። ቀዳሚ ምዝራብካ ሕሰብ። እዚ ብምግባርኻ ጣዕሳ ከጉድለልካ እዩ። ሓሲብካ ምዝራብ ሓደ ጽቡቕ ልምዲ'ዩ። ካብ ዘየድሊ ዘረባን ሳዕቤኑን ናጻ ንኽትከውን የኽእለካ። ብየብኡ ቀዳሚ ምዝራብካ ምሕሳብ ምስ ካልኦት ሰባት ዘለካ ዝምድና ብኣሉታ ንኸይጸልዎ ኣብ ልዕሊኡም ሕማቕ ስእሊ ንኸይትሓድሮን ይሕግዘካ። ገለ ካብቶም ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ሰባት እንትዘይቱኡ ምስ ካልኦት ክትዛረበሎም ዘይምረጹ ዛዕባታት ደስዕብ፦

- **ድኽመታትካን ሃጓፋትካን ንግዝም ኣይትግለጽ፦** ሃጓፋትካ ኣብ ምጽባብ ክሕግዙኻ ንዘኽእል ሰብ እንተ ዘይኩይኑ ንግዝም ዘይምንጋር። ንኹሉ ሰብ ኣሉታዊ ሃጓፋት ኣለዎ። እቲ ምንታይሲ ድኽመትካ ንካልኦት ምስ ትነግር፤ እቶም ከጥቅዑኻ ዝደልዩ ሰባት፣ ነቲ ድኽም ጎድንኻ ፈሊጦም ወይ መዝሚዞም ከጥቅዑኻ እዮም። ኣብ ውልቃዊ ህይወትካ ኣትዮም ስራሕካን መደባትካን ፋሕፋሕ ከበልሉልካ ይኽእሉ እዮም።

በቲ ዝገበርካዮም ሃጓፋትካ፣ ንግዚኡ ርእሶም ከም ፍጹማት ብምውሳድ ዘየድሊ ፍርዲ ክህቡኻ ይኽእሉ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ዘይተደለየ ጸቕጢ ክፈጥሩልካ ይኽእሉ።

ብዙሓ ሃጓፋትካ በቲ ንግዚኡ ርእሰኻን ንኻልኦትን እትብሎ እናተሻበሽካዮ ስለ እትኸይድ፣ ከምቲ እትብሎ ንኽትከውን ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ። ምስ ግዜ ከኦ እቲ ድኽመት ናትካ መንነት ይኸውን።

- **ከሳራታት ቀጠባ፦** ብዙሓ ጸብጻብ ቀጠባኻ፣ ኣታዊታትካ፣ ለቓሕካ፣ ኣብ ባንክ ዘለካ ገንዘብ፣ ዘውፈርካዮ ገንዘብ፣ ከምኡ ዝኣመሰለ ነገራት ንዓኻ ጥራይ እዩ ዝምልከት። እዚ ምስ ትዛረበሉ ግን ሰባት ክፈርዱኻ እዮም። ንኣብነት፣ ብዙሕ ለቓሕ እንተ'ለካ ኩይኑ፣ እቶም ዘዕለልካዮም ሰባት ክፈርዱኻን ክርሕቁኻን እዮም። ብኣንጻሩ ኣታዊታትካ ብዙሕ ምስ ዝኸውን ከኦ ክቐንኡልካ ይኽእሉ። ንመን እንታይ ትዛረብ ምፍላጥ ኣገዳስነቱ ልዑል እዩ።

- **ዝርዝር ዝምድናኻ፦** ፍቕራዊ ዝምድናኻ ካብኻን ካብ መጻምድትኻን ሓሊፉ ምስ ካልኦት ክነግሩ ዘይብሎም ሰባት ከተዕልሉ ተመራጺ ኣይኮነን። ምስ መጻምድትኻ ዘኹኑ ሽግር እንተሎ፤ እሞ እቲ ሽግር ከኣ ክትፈትሖ ምስ ዘጸግመካ ናብ መቕርብካ ወይ ክፈትሓልካ ዝኽእል ሰብ ወይ ብዓል ሞያ፣ ሓገዝ ምሕታት ኣገዳሲ እዩ። ካብዚ ሓሊፍካ ምስ ካልኦት እዚ ጸገም ኣልዒልካ ምስ ትዛረብ ግን ንዘለካ ዝምድና ብኣሉታ ክጸልዎ ተኽእሎታት ኣሎ።

- **ሕሉፍ ጌጋታትካን ጣዕሳታትካን ንግዝም ኣይትግለጽ፦** ካብ ጌጋኻ ምምሃር ኣገዳሲ ነገር እዩ። መን እሞ'ዩ ጌጋ ዘይፍጽም፣ እቲ ዝጸበየ ጌጋ ግን ሓንቲ ጌጋ ኣብ ዝፈጸምካሉ ግዜ ኣብ ግዜኡ ኑበሸኻ ዝበርካ እምነት ምስ እተጥፍእ'ዩ።

ኣብ ክንድኡስ ነቲ ጌጋ ስለምንታይን ብኸመይን ከም ዝፈጸምካዮ ምምርማር እቲ ዝበለጸ'ዩ። ካብቲ ጌጋ ክትመሃሮ ዝግባእካ ምስ ተመሃርካ ንዕኡ ንድሕሪት ብምግዳፍ ንቕድሚት ሰጕም ኣብ ዝቐጽል ዝበለጸ ክትሰርሕ ድማ ሕሰብ።

ሕሉፍ ጌጋታትካ፣ ኩሉ ሰብ ክፈልጦ ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። ምኽንያቱ ሰባት ነቲ ናይ ሎሚ ለውጢ. ብምርሳዕ ኣብ ሕሉፍ ህይወትካ ብዝገበርካዮ ጌጋታት፣ ክፈርዱኻ ይኽእሉ እዮም። ናብ'ቲ ናይ ቀደም ህይወቱ ክምለስ ይኽእል'ዩ ዝብል ጌጋ መረዳእታ ክሕድሩ ይኽእሉ እዮም። ኣገዳሲ. ዕድላት ኣብ ዘጋጥመሉ ህሞት ድማ ብኣሉታ ክጸልወካ ይኽእል እዩ። ሰባት በቲ ኩይንካዮ ዘለኻ እንተ ፈሊጡኻ ኣገዳሲ እዩ። ንሕሉፍ ጌጋታትካ ኣብ ሕሉፍ ናይ ሓንጎልካ ሳጹን እንተ ዓጸኻዮ ወይ እንተ ረሲዕካዮ ተመራጺ እዩ።

- **ናይ መጻኢ መደባትካን ዕላማታትካን ዘይምንጋር፦** እዚ ዘይተደለየ ጸቕጢ. ክፈጥረልካ ይኽእል እዩ። መብጽዓ ንመጻኢ. ንእትገብሮ ወይ ትፍጽሞ ቃል ምኢታው እዩ። ቃልካ ምስ እትሕሉ ብኻልኦት ዝያዳ እሙን ትኸውን። ብፍላይ ከኦ ቃሉ ዘኽብር ሰብ ብኻልኦት ክብሪ ይዋሃቦ እዩ። ነቲ ትብሎም ዝበርካ ቃል ወይ መብጽዓታት ምስ ዘይተተግብር ግን ኣብ ልዕሌኻ ዝበርዎ ስእሊ. ክጎድልን ከናሽዉኻን ይኽእሉ እዮም። ካልእ ብዙሕ መደባትካ ብዙሕ ግዜ ምዝራብ፣ መደባትካ ከም ዘተግበርካዮም ኩይኑ ክስምዓካ ይኽእል እዩ። ሰቕታ ዘረባ ኣገዳሲ. ኣብ ዘይኮነሉ ግዜ ካብ ስኡኣእምሮኣዊ ነውጽን ዘይምቹእነትን ዝያዳ ዕላማ ዘለዎ ምንባር ንኽትከውን ዓቢ ተራ ይጻወት እዩ። ሰቕ ምባል ንጥዕናኻ ብበዙሕ መገድታት ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። ምስጢር ናይ ስላምካን ዕቤትካን ንዘይምልከቶ ሰብ ምስጢርካ ዘይምንጋር ምኽንያቱ ኣብ ግምት ምእታው ኣገዳሲ. እዩ።




## ጥቕስታት ሕብራዊት ብርዒ

- “ፍጹምነት ክበጽሕ ኣይከኣልን እዩ። እንታይ ደኣ ንፍጹምነት እንተ ጸዓርና ናብ ብሉጽነት ክንበጽሕ ንኽእል ኢና።” - **ቨንስ ሎምባርዲ**
- “ዓርቢ. ካብ ኩለን ናይ ስራሕ መዓልታት ንላዕሊ. ፍሽኽታ ዝርኣየላ መዓልቲ እያ!” - **ከት ሳመርስ**
- “ናይ ግዜ ገደብ ኩላትና ንጸልእ ኢና። ዘለዎ ኣድማዕነት ግን ዘይከሓድ እዩ።” - **ዳሞት ኢ.ግልማን**
- “ንምምሕያሽ ናብራ ይሰርሕ ኣለኹ። ነፍሲ. ወከፍ ብዘዕቅቦ ሰዓት ድማ ኣብ ህይወተይ ሓደ ሰዓት ይውሰኸ።” - **ኣይን ራንድ**
- “ንዓይ ዓወት ማለት ኣብ ዓለም ኣድማዕነት ማለት እዩ። ሓሳባተይን ክብርታተይን ተሰኪመ ኣብ ዓለም ክኸይድ ምኽኣል ከምኡ'ውን ንኹሉ ብእወታዊ መንገዲ ክቕይሮ ምኽኣል እዩ።” - **ማክሲን ሆንግ**
- “ኣብ'ቲ ሕማቕ ህሞት፣ ጽቡቕ ነገር ፍጠር።” - **ማክሲን ሆንግ**
- “ሓገስ ዕላማ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ንህይወት ብጽቡቕ ብምንባር ዝርከብ ፍረ እዩ።” - **ኤሌኖር ሩዝቨልት።**


## ፍርያት ባናና

ባናና ካብ ቅድሚ 10 ሽሕ ዓመታት ጀሚሩ ሰባት ከም ፍረታት ክጥቀምሉ ከምዝጀመሩ ዝእመን ኰይኑ፣ ገለ ተመራመርቲ ስኡፍልጠት ድማ ኣብ ዓለም ናይ መጀመርታ ፍሩታ ክኸውን ከም ዝኽእል ይኣምኑ። ባናና ከም ታሪኽ ኣብ ሓውሲ. ደሴት ማላይ፣ ኢንዶነዥያ፣ ፊሊፒንስን ኒው ጊኒን ክበቕል ከም ዝጀመረ ይግለጽ። ብድሕሪ'ዚ፣ ናብ መላእ ዓለም ክዘርጋሕ ግዜ ኣይወሰደሉን። ባናና ኣብ መላእ ዓለም ተፈታዊ ፍሩታ እዩ። ኣብ ቁጠባ ሓንቲ ሃገር ዓቢ. ኣበርክቶ ይጻወት። ዕቤት ቁጠባን ዕድላት ሸቐለትን ይፈጥር። ዓለምለኻዊ. ምህርቲ ባናና ዓመታዊ ኣስታት105 ሚልዮን ቶን ኣቢሉ ይሕፈስ። ህንዲ ዓመታዊ ኣስታት 14.2 ሚልዮን ቶን ባናና ተፍሪ። ኣብ ዓለም እታ ዝበዝሐ ፍርያት ባናና ተፍሪ ሃገር ከኣ እያ። እዚ ድማ ኣብ ወሽጣውን ኣህጉራውን ዕዳጋታት ባናና ዘለዋ ተራ ዘጉልሕ እዩ። ኣብ መላእ ዓለም ዝፃበየት ተጠቃሚት ምኻና ከኦ ይፍለጥ። ዓበይቲ ዞባታት ሕርሻ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕን ደቡባዊን ክፋላት እታ ሃገር ዝርከቡ ኰይኖም፣ ብፍላይ ኣብ ማእከላይ ምዕራብ ህንዲ. እትርከብ ማሃራሽትራ ብምህርቲ ባናና ኣብ ቅድሚት ትስራዕ። ካልኦት ከም ቻይና፣ ኤኳዶር፣ ፊሊፒንስ፣ ኢንዶነዥያ፣ ሜክሲኮ፣ ታይላንድ ዝኣመሰላ ሃገራት ብዐቢሒ. ፍርያት ባናና ዘፍርያ ሃገራት እየን። ድሕሪ ህንዲ ኣብ ፍርያት ባናና እትስዕብ ቻይና እያ። ዓመታዊ ኣስታት 12.1 ሚልዮን ቶን ተፍሪ። መብዛሕትኡ ድማ ኣብ ደቡባዊ ክፋል እታ ሃገር ይርከብ። ዝተፈላለዩ ልዕሊ. 10 ዓይነታት ባናና ከም ዘለዉ. ድማ ይፍለጥ።

ባናና ምቁር ኣብ ርእሲ. ምኻኑ፣ ልዑል ትሕዝቶ ዘለዎ ፍሩታ'ዩ። ፖታሽዮም፣ ካልሽዮም፣ ቪታሚን ሲ፣ ቪታሚን ቢ-6ን ካልኦትን ይርከብዎ። ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማት'ውን ይከላኸል እዩ። ባናና መኣዛታት ዝመልኦ ኣብ ርእሲ. ምኻኑ፣ ኣብ ደም ዝርከብ መጠን ሽኮር ብምቁጽጻር'ውን ፍሉጥ'ዩ። ንባህርያዊ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕምና ዘደንፍዑ ዝተፈላለዩ ማዕድናት ካብ ባናና ክንረክብ ንኽእል። እዚ ኣደናቒ ፍሩታ ብቐዚኡት ንዝሰቀየ ዋሕዲ ደም ዘለዎም ሰባት'ዉን ሓጋዚ. እዩ። እዚኦም ገለ ካብ ኣደናቕቲ ሓቅታት ፍሩታ ባናና እየም። ድርቀት ኣብ ዝስመዓካ ግዜ ዝበሰለ ባናና ምስ እትበልዕ ድርቀትካ ይጠፍእ። እዚ ዝኾነሉ ድማ ዝበሰለ ባናና ድርቀት ኣብ ምንካይ ብዙሕግዙ ጽሕጎን ፖታሽዮምን ሃብታም ብምኻኑ'ዩ። በቲ ጸረ ኣሲድ ባህርያቱ ካብ ነድሪ ከስዐ ይከላኸለልና። እቲ ልዑል ትሕዝቶ ማግኒዝዩም ባናና ድማ ካብ ልዑል ድኻም ይከላኸለልና። እቲ ካብ ባናና ንረኽቦ ጽሕጊ'ውን ኣብ ሰብነትና ንዝርከብ መጠን ኮሌስትሮል ኣብ ምትሓት ዘይነዓቕ ተራ ይጻወት። ብሓፈሻኡ ባናና በይኑ፣ ብመልክዕ ጀላቲ፣ ብመልክዕ ጽማቕ፣ ተጠቢሱ፣ ብመልክዕ ሕብስቲ፣ ማርማላታን ካልእ መማቐርትን ክብላዕ ዝኽእል ተዛራፊ ፍሩታ እዩ።



## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 07:30 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 07:35 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ማሕደር/ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ቀጥታ |
| 14:05 | OPEN MIC |
| 15:50 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዘዋሪት ካምራ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:25 | እትመላለሰ-ከም |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ገሊብ ድሓን ቀጥታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ዘሩባቤል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

## ሪፖርታጅ

# ዘይበኣሱ መላእኽቲ፡ ዘይዕረቑ ሰይጣውንቲ

ዳህላክ ነጋሲ

ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ግርጭታት ኣብ ምፍታሕ ዝኽተሎ ጭዋ ባህሊ ገለ ካብ ዘለዉ ክብርታቱ እየም። እዚ እናተወራረሰ ዝመጸ ክቡር ባህልን ልምድን ናብ ዝቐጸሉ ወለዶታት ምትሕልላፉ ድማ፡ ሓላፍነት ናይ ኩሉ ዜጋ እዩ። ጸቢብ ኣተሓሳስባ ጠንቂ ዝኾነ ምፍልላይ ክኸውን ስለዝኽእል፡ ንኣሽቱ ግርጭታት ብኣግኡ እንተ ዘይተፈቲሖም፡ እናሓደሩ ከም ሳዕሪ ሮማዲ እናተጠናነጉን እናስፋሕፍሑን ብቐሊሉ ክእለዩ ኣብ ዘይክእልሉ ደረጃ ክበጽሑ ይኽእሉ እዮም። ኣብ መንጎ ውልቀሰባት፡ ዓዲን ካልኦት ወገናትን ዝኽሰት ዘይምስናይ ብሰላማዊ መገዲ ንምድቃስ፡ ሓያል ንቕሓት፡ ተባዕ ተበግሶን ሪዚን ሓላፍነትን ይሓትት። ግርጭታት ኣብ ክንዲ ብዘውርን ጉያን ብሕጋውን ፍትሓውን ኣገባብ ምስ ዝፍታሕ፡ ኣብ መንጎቶም ዘይተረዳድኡ ወገናት ሓድነት፡ ርግኣት፡ ሰላምን ምትእምማንን ዳግም ክሰፍን ይኽእል። ስለዚ፡ ንቲ ዝተጋገየ ኣካል ኣብ ክንዲ ምቕላዕን ምግጣጥን፡ ብፍቕርን ስኒትን ምሕቋፉ ኣገዳሲ ሕርያ እዩ።



ኣቶ ተኪኤ ቀለታ

ሓውሲ ከተማ ሕምብርቲ ብሓሙሽተ እንዳ (ገዛ) ማለት - ብገዛ ጉዳድ፡ ዓኩሱ፡ ላምዙ፡ ረድኢን ሕምሽምሽን ዝቖመት'ያ።



ወሮ ኣዜብ ሃብተስላሴ

ኩሉም ነበርታ ድማ ብስኒትን ሓድነትን ተሓቛቝፎም ንሓያሎ ዓመታት ብሓባር ክነብሩ ምጽንሖም ይፍለጥ። እንተኾነ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ኣብ መንጎ ደቂ-ገዛ 'ጉዳድ' ዘይምስናይ ክቀላቐል ጀሚሩ። እቲ ግርጭት ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት'ዩ ጀሚሩ። ኣብ መንጎ እቶም ዘይተቓደዉ ወገናት ዕርቂ ንምውራድ፡ ብወገን ዓበይቲ ዓድን መራሕቲ ሃይማኖትን ከምኡ ድማ ብምምሕዳር ሓውሲ ከተማ ሕምብርቲ ሰናይ ተበግሶኳ እንተ ተወሰደ፡ ዕወት ውጽኢት ግን ኣይተረኽበን። በዚ ምኽንያት፡ እቲ ጉዳይ ፈለማ ናብ ንኡስ ዞባ ጋሉፍሓ፡ ቀጺሉ ድማ ናብ ዞባ ተሰጊሩ። ምምሕዳር ዞባ ማእከል ድማ ኮሚቲ ብምምዛዙ ንቲ ዘይምርድዳእ ብርትዓዊ ኣገባብ ንምፍትሑ ድሕሪ ዘየቋርጽ ሓያል ጻዕሪ ዝሓለፈ ሰንበት ተረሓሒቖም ዝጸንሑ ወገናት ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ስነ-ስርዓት ዕርቂ ተኻይዱ። እምበኣርከስ፡ ዝኸበርኩም ኣንበብቲ፡ ዓምዲ 'ፍኖት'፡ ንለሚ ንቲ ኣብ ሓውሲ ከተማ ሕምብርቲ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ዕርቂ ዝድህስስ ጽሑፍ ናኣኹም ክብሎ ኣና -



ሰናይ ንባብ፦

ኣብቲ ስነ-ስርዓት ዕርቂ፡ ዓበይቲ ዓዲ ሕምብርቲ፡ "ገዙጉዳድ ዘርኢ ሓንቲ ላምን ግራትን ኢና" ብምባል'ዮም ንቲ መደብ ፈሊሞሞ። ካብ ግጭትን ባእስን ዝርከብ ረብሓ የለን። እኳ ደኣ ብሰንኪ'ቲ ዘይምቅዳው ኣብ መንጎ ደቂ ገዙጉዳድ ተኻጺሎ ኣብ ማሕበራዊ ናብራን ስነ-ኣእምሮኣዊ ዘይርጉእነትን ኣጋጢሙ ጸኒሑ። ከም'ቲ "ዘይበኣሱ መልኣኽቲ፡ ዘይዕረቑ ሰይጣውንቲ" ዝብል ምስላ ኣበዋት፡ ንቲ ዝጸንሐ ጽልኢን ቅርሕንትን ጠንጢኻ ብሓድነት ንቕድሚት ምምራሽ ልቦና ዝሓትት ተባዕ ተበግሶ ብምዃኑ፡ ንቲ ዝተረኽበ ሰላም ቀጻልነቱ ምውሓስ ዝያዳ ሓላፍነት ዝሓትት እዩ።

ዋና ሓላፊ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ዞባ ማእከል ኣቶ ተኪኤ ቀለታ ኣብቲ ስነ-ስርዓት ዕርቂ ተረኺቦ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንቲ ማሰርሕ ዕርቂ እተካየደ ኮሚቲ ቅድሚ ሽዱሽተ ወርሒ ከም ዝተመዘዘት ጠቒሱ፡ እታ ብሓሙሽተ ኣባላት ዝቖመት ኮሚቲ ብቐጥታ ስርሓ ብምጅማር፡ ጽዑቕ ርክባትን ኣኼባታትን ከተሰላስል ከም ዝጸንሐት ኣብሪሁ። እታ ኮሚቲ፡ ድሕሪ-ባይታ ናይቲ ግጭት ንምፍታሽ ኣብ ዝገበረቶ ዳህሳስ፡ ደቂ ገዙጉዳድ ብሓድነቶምን ሕውነቶምን ዝልለዩን ዝሕብሩን ህዝቢ ምንባርም ክትግንዘብ ከም ከም ዝኸኣለት ዝጠቐሰ ኣቶ ተኪኤ፡ እቲ ምፍሕፋሕን ፍልልያትን ድሕሪ ምኽሳቱ ግን ሓድነትን ስኒትን ናይ'ቲ ህዝቢ ንጉስ ስለዝኣተዎ፡ እቲ ዝምድና ክዘርግን ክልሕልሕን ከም ዝኸኣለ ኣመልኪቱ። ኣብ ማሰርሕ ናይቲ ምጽራይ፡ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለ ዝተኸፈሉ 42 ሰባት ከም ዝተሳተፉ'ውን ኣረዲኡ። ኣቶ ተኪኤ ቀጺሉ፡ እቲ ጉዳይ ብኣመሓዳሪ ዞባ ውሳኔ ምስ ተዋህቦ፡ ኣብ ወርሒ ሓምለ 2024 ንህዝቢ ከም ዝተገልጸን ንዝምልከቶም ወገናት ድማ ብጽሑፍ ከም ዝተዋህበን ሓቢሩ።

ኣቶ ተኪኤ ኣብ መወዳእታ፡ "ኣብ'ቲ ንዊሕ ግዜ ዝቐጸለ ዝተሓላለኸ ጽልኢን ቅርሕንትን፡ ግርጭታት ተባሂሉ ፍልልያት ዓብዩን ጸኒሑ። ካብ'ቶም ኣብቲ ግርጭት ዝተዋስኡን ብእኡ ዝተጸለዉን ወገናት ኩሉ ዝኸሰረ'ምበር ዝኸሰበ የለን። ዝበዓለ'ምበር ዝተሓኈሰ የለን። ኣብቲ ዝጸንሐ ከበድ ጽልኢን ዘይምርድዳእን ኣውራ ግዳይ ዝኾኑ መንእሰያትን ቈልዑን ኮይኖም፡ ኣብ ዘይፈልጥዎን ዘይርድኦምን ነገራት ኣትዮም፡ መኣዝኖም ከም ዝስሕቱን ኣንጻር ረብሓኦም ክምዝኸዱን ክገብር ጸኒሑ። ሕውነት፡ ሓድነት፡ ፍቕሪ፡ ምክብባርን ምትሕግጋዝን ልዕሊ ኹሉ ዝሰርዑ ማሕበራዊ ጸጋታት ወይ ክብርታት እዮም። ዋንኡ ናይ ህዝቢ ደኣ'ምበር ናይ ጉጅለ ወይ ናይ ውልቀሰብ ስለዘይኮኑ፡ ንወለዶታት ተዓቂቦ ክሽሸሎ ይግባእ። እቲ ዝጸንሐ ጸጋታት ብዘኾኑ ውልቀሰብ ወይ ጉጅለ ክዘርግን ክፈርስን ገበን ስለዝኾኑ፡ ብሕጊ ወይ ብታሪኽ ዘሕትት እዩ" ብምባል፡ ካብ ዘይምቅዳው ዕንወት እንተዘይኮይኑ ካልእ ዝርከብ ረብሓ ከም ዘየለ ገሊጹ።

ዋና ኣኪያዲ ስራሕ ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን ብወገኑ፡ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ መንግእታዊ ስርዓት፡ ንናጽነትን ኩሉ ማሰላትን ዝኸልክል፡ ከምኡ ድማ "ኢየጻዓድን'ዩ" ንዝበለ ብመሳርያ ኩናት ዝጭፍልቕ ምንባሩ ኣብሪሁ። እቲ መግዛእታዊ ስርዓት፡ ኣብ መንጎ ዜጋታት ግርጭታት ብምስዋር፡ ህዝቢ ንቲ ሓርነታዊ ቃልሱ ገዲፉ ኣብ ውልቃዊ ቅርሕንቲ ንኽጸመድ ኣጸቢቑ የንብድብዶ ምንባሩ ሓቢሩ። ብሰሪዚ ድማ፡ ኣብ መላእ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ድማ ብፍላይ ንህዝብን ዓድታትን ዘጋጨወ ብዙሓት ጉዳያት ከም ዝተፈጥሩ ኣረዲኡ። እቲ ፍትሓዊ ኣገባብ ኣነባብራ - ሕግን ስርዓትን ኣኽቢርካ ብሰላምን ብሓባርን ምንባር ስለዝኾነ፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ምስ ዓበይቲ ዓዲ፡ ኣካላት ፍትሕን ጸጥታን ኩይኑ ክብርታት ሕብረተሰብ ናብ ንቡር ንምምላስን ንምዕቃብን ክሰርሕ ምጽንሑ ዝሓበረ ኣቶ ዘርኢት፡ ንኣብነት፡ ኣብ መንጎ ዓድታት ኳዜንን ዓደንጉዳን ኣስታት 100 ዓመት ዝቐጸለ ናይ መሬት ምስሕሓብ፡ ንኽልቲኤን ዓድታት ዘርብሕ ምምሕዳራዊ ውሳነ ከም ዝተዋህቦ ኣፍሊጡ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ "የቐንየልና ህዝቢ ሕምብርቲ፡ ብፍላይ ከኣ ንገዙጉዳድ" ብምባል፡ ኩሎም ነበርቲ ሕምብርቲ ንቲ ዝፈላለ ሓሳብ ኣወጊዶም ንቲ ተፈጢሩ ዘሎ ሰላም ቀጻልነቱ ኣብ ምውሓስ ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ወ/ሮ ኣዜብ ሃብተስላሴ፡ ኣብ'ቲ ጽምብል ካብ ዝተረኽባ ኣደታት ሓንቲ እያ። ኣብቲ ዕለት ዝተሰምዓ ስምዒታት ክትገልጽ እንከላ፡ "ኣነ ብኢጋጣሚ ኣብ ማሰርሕ'ቲ ሽምግልና ይሳተፍ ነይረ'የ። ከምኡ'ውን ኣብዚ ሎሚ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ዕርቂ ይሳተፍ ብምህላወይ ሓጎሰይ መግለጺ'የ ዝስእነሉ። ብመሰረት ዝተኻየደ ሓያል ጻዕሪ ሎሚ ኣብ ሰላምን ምትሕቛቛፍን ንርከብ ኣሎና። እቲ ግርጭት ንኣስታት ሓሙሽተ ዓመት'ኳ እንተቐጸለ፡ ሎሚ ኣብ ከምዚ ሃዋህው ብሓድነት ክንተኣኻኸብ ምኽኣልና ግን፡ ውሽጣዊ ሩፍታ ይስምዓኒ ኣሎ" ኢላ።

ኣቶ ግደ ጉብረገርግሽ እውን ሓደ ካብ ነበርቲ ሓውሲ ከተማ ሕምብርቲ ኮይኑ፡ ኣብቲ ዕለት ጻዕዳ ክዳን ሓብሻ ብምልባስ ኣብ ውሽጢ ዳስ ብፍስሃ መንፈስ ካብ ናብን ክንቀሳቐስ ኢና ተዓዚብናዮ። ንሱ፡ ኣብ መንጎቶም ተቐራሒንቲ ዝነበረ ሓድነትን ፍቕርን ናብ ንቡር ንምምላስ ብዙሓት ኣካላት ጻዕርታት ከም ዝተዋደዱ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ብሶላ'ቲ ዘይሕለል ጻዕሮም ድማ እቲ ዕርቂ ክዉን ክኸውን ከም ዝኸኣለ ገሊጹ። ኣስዒቡ ድማ፡ ኣብ መንጎ ክልተ ሰባት ወይ ጉጅለታት ዝፍጠር ጽልኢ ኣብ ሓጺር እዋን ክዛሰስ ስለዘይክእል፡ እቲ ዕርቂ ብዘየምታን ልቦናን ደኣ'ምበር ብሃታ-ሃታ ክረጋገጽ ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ ምዃኑ ዝተገንዘቡ ኣካላት መንግስቲ፡ ኩሉ ዝኹብርዎ ምንቅስቓስ ብስሩዕ ኣገባብ ንኽምራሕ ልዑል ጥንቃቐ ከምዝገበሩ ኣረዲኡ። ብሓፈሻ ሰላም እንተዘየሉ፡ እንትርፎ ክሳራን ዕንወትን ረብሓ ከም ዘይህሉ ዘመልከተ ኣቶ ግደ፡ "ሰላም ተዘርጊሑ ዘይጸንቀቐ ጸጋታት ዝሓቐፈ'ዩ - ብውሑዱ ካብ ሰላም ሰናይ ጉርብትና፡ ቅሱን ኣእምሮን ኣካብነትን ክፍጠር ይኽእል።" ኢሉ። ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ንቲ ብሶላ ዘይሕለል ጻዕሪ መንግስቲ'ውያን ኣካላት፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ህዝቢ ሓውሲ ከተማ ሕምብርትን ዝተረጋገጸ ዕርቂ



ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን

ንምዕቃቡን ምሕያሉን ዝያዳ ሓላፍነት ከንዝሰክም ኣገዚቡ።

ኣብቲ ስነ-ስርዓት ዕርቂ፡ ብርክት ዝበሉ ነበርቲ'ታ ዓዲ፡ ናብ መድረኽ እናደየቡ



ኣቶ ግደ ጉብረገርግሽ

ንዝተሓለፈ ጸገኩር ኩነታትን ኣብቲ ዕለት ዝተሰምዖም ሓጎሶን ክገልጹ ዕድል ረኺቦም ነይሮም። መምህር ሓጎስ ከሰተ ከኣ፡ ሓደ ካብ'ቶም ናብ መድረኽ ብምድያብ ሓሳቦም ዘካፈሉ መንእሰያት'ዩ ነይሩ። ከምዚ ክብል ድማ እቲ ሃዋህው ሰላም ዝፈጠረሉ እፎይታን ርግኣትን ገሊጹ፦

"እቲ ዘይምስምማዕ ንሓያሎ ዓመታት ተዓቢጡ ድሕሪ ምጽንሑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት ግን ህዝብን መንግስትን ክፈልጦ ክኢሉ። ፍቕሪ ብገንዘብ ኩን ብዝኾነ ካልእ ዋጋ ክትመን ኣይክእልን እዩ። ስለዚ፡ ንሕና ብፍላይ መንእሰያት ንቲ ዝሓለፈ ሕማቕ ታሪኽ ጠንጢንና፡ ምርጫና ፍቕርን ስኒትን ክኸውን ይግባእ። ብኣውራኡ እቶም ንኣሽቱ ወለዶታት ኣብ ግጭትን ባእስን ዘለዎ ኩነ እንተዓብዮም፡ መጻኢኦም ኣዝዩ እዩ ኣሻቓሊ ዝኸውን። እዚ ስለዝኾነ መንግስትና ነዚ ጉዳይ ብጎቡኡ ሸነኹ ፈቲሹ መርሚሩ ኣብ መወዳእታ ፍትሓዊ ውሳነ ብምሃቡ ከነመስግኖ ንደሊ።" ብምባል፡ እቲ ሃዋህው ሰላም ዝፈጠረሎም ርግኣት ልዑል ምዃኑ ገሊጹ።

ሓውሲ ከተማ ሕምብርቲ ኣካል ንኡስ ዞባ ጋሉፍሓ ኮይና፡ ልዕሊ 10 ሽሕ ህዝቢ ይነብራ።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ተመስገን ብርሃ መንግስቱ፡ ተኸሳሲት የርዳኖስ ገብረመድህን ጠዓመ፡ ንዓኺ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡ ስለዘሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሄቨን በልሁ ጸንበሎ ምባል ተሰሪፋ ሄቨን ተስፋማርያም ኣብርሃም ድያሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን2/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ኣልማዝ ሊባኖስ ወ/የውሃንስ፡ ብዓል ቤተይ ነጋ ገብረኪዳን ገብረ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን14/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ናዝሬት መብራህቱ ዑቕቡ፡ ብዓል ቤተይ የማነ ደሕደን ገብረኣምላኽ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 1ጓሉ ድማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን4/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ተስፋኣለም ሃይለ ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተሰሪፋ ኣብርሃም ሃይለ ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን11/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኪዳነ ተስፉ ገብረኢየሱስ ምባል ተሰሪፋ ኪዳነ ተስፊ ገረየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ታብቱ ገብራት፡ ብዓል ቤተይ በራኺ ገብረስላሴ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን18/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ክፍለዝጊ ሃይለ ስልማን፡ ናይ ኣደይ ኣብርሀት በርቅ ስልጣን ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ማስቀላ ምስየና ሮሞዳን፡ ስም ኣደይ ሶፍያ ኣደም ትማርያም ምባል ተሰሪፋ ለተብርሃን ዘርኡ እያሱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቤትኤል መንግስትኣብ ጸጋይ ምባል ተሰሪፋ ሰልማ መንግስትኣብ ጸጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓማራ መሓመድኑር ዩሱፍ ምባል ተሰሪፋ ዓማራ መሓመድ መሓመድኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ድንሳ ኖራይ እኩብ፡ ብዓል ቤተይ መድሃኔ ኣርኣያ ገብረስ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዩሱፍ ሓሰን ዑመር ምባል ተሰሪፋ ዩሱፍ ሑሴን ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን18/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍረወይኒ ተኽለ ዘርእማርያም፡ ኣቦይ ተኽለ ዘርእማርያም በሺት ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍረወይኒ ተኽለ ዘርኣማርያም፡ ኣደይ ለተንጉስ ተኸስተ ቢየን ለበዋ ስለዝበሬትለይ ይጽደቐለይ ስለዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን19/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣልማዝ ሃይሉ ሰባህቱ፡ ሓፍተይ ኣልጋሽ መረሳ ስለሙን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዘሎማ ረዳእ ፍቕደ ምባል ተሰሪፋ ዘለማ ረድእ ፍቕደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኑርያ መሓመድኑር መሉኡ ምባል ተሰሪፋ ኑርያ መሓመድኑር መሳኡር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሃብተጼን ምስዮና፡ ስም ኣደይ ዓቢት ኑረዲን ኤንክረ ምባል ተሰሪፋ ዋሌት ኑረዲን ኤንክር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ መብሩክ ኣልኣሚን ኢብራሂም ምባል ተሰሪፋ ኣሲያ ኣልኣሚን ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን18/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

መሓመድ ኣሕመድ ዓሊ ምባል ተሰሪፋ መሓመድኣሕመድ ዓሊ ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን4/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ዘመን ይሃብ ሐሩይ ኣብርሃ ምባል ተሰሪፋ ዘመን ሕሩይ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን2/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓበን ሐሩይ ኣብርሃ ምባል ተሰሪፋ ክርስቲያኖ ሕሩይ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን2/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መቅሰን ሸዊት ማዙዖስ ምባል ተሰሪፋ ሳሚኤል ሸዊት ማዙዖስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን30/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሄኖል ገብርኣብ ገብረብርሃን ምባል ተሰሪፋ ዮናስ ገብርኣብ ገብረብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን30/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ባና መሓሪ ምባል ተሰሪፋ ባና ምሕረቱ ክብሮም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን23/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ በርህ ባሉ ገብረስላሴ፡ ኣቦይ ባሉ ገብረስላሴ ጎይትኦም ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን1/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ጸጋዘኣብ የዕበዮ ተኽላይ ምባል ተሰሪፋ ጸጋዘኣብ ዕበ ተኽላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ሉተኺዳን የማነ ዕበ ምባል ተሰሪፋ ሉተኺዳን የማነ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን13/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ሓምድ ፋልሕ ቃናም ምባል ተሰሪፋ ሓምድ ቃናም ፋልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን30/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሽረዓ ዓሰብ

ወ/ሮ ኣሲያ ሐሴን ዓብዶሉ፡ ኣብ ከተማ ዓሰብ ምምሕዳር ሹካይቶ ዝርከብ ገዛ ቑጽሪ A/421 ንኣቶ ኣሕመድ መሓመድ ጠይብ ብህያብ ሂቦ ኣለኹ ስለዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን25/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ መርየም ኣሕመድ ሩፋ፡ ዓፀይ ኣሲያ መሓመድ ሮባኖ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጓል ወዳ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ን25/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ፓራዲዞ ከባቢ መካነ ገነት ዚፕ 1B3823 ፕሎት 28 ፓርሰል J ስፍሓት መሬት 500 ት/ሜ ፡ ብስመይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ፡ እቲ ፍርቂ ናይዚ ገዛ ንኣቶ የማነ ዑቕባዝጊ ወልደሃዋርያት ብህያብ ስለ ዝሃብክዎ'ሞ ስም ምትሕልላፍ ክገብር ስለ ዝደለኹ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂልሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ዘርኢጋብር ተኸስተ ተኽለ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና ሕሸማለ ቁ.ገዛ 60 ፓርሰል ASP00026521-E ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ብስም ነፍ/ማእከዞ ኢጉቲኖ ካራሚሊ ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ንብረት ናብ ስም ወረስቲ ክሕሉልፍ ስለዝደለና፣ ዘቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ካራሚሊና ማእከሉስ

---

ኣቶ ሳሚኤል ሃብተሚካኤል ክብረዲን፡ ዝተፈቕደሎም ናይ መሸጢ መጋየጺ ኣቑሑን ስሩይ ክዳውንትን ንግዳዊ ትካሎም "ራየት መሸጢ መጋየጺ ኣቕሑን ስሩይ ክዳውንትን"(RAYET COSMETICS & READY MADE CLOTHES) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዘቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዘቃወም ኣካል ከይማዘለ ተቐጺሉ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም ዝምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

---

ብስም ምሉኦም ሓፈሻዊ ንግዲ ሓ.ዝ.ብ.ማ. ናይ ኣባላት ማሕበር፡ ንዕለት 24/10/24 ሰዓት 9:00 ቅ/ቀ ኣብ ቀንዲ ቤት ጽሕፈትና ኣኼባ ክንገብር ስለ ዝደለና፡ ኣብ ዝተጠቐሰ ዕለትን ሰዓትን ክትርከቡ ንጽውዕ።

መሉኦም ሓፈሻዊ ንግዲ ሓ.ዝ.ብ.ማ.

---

ኣብ ዞባ ማእከል ኣባሻውል ጎደና ወድጋን ቁ.ገዛ 30 ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00034763 ናብ ኣገልግሎት ጸርያት ትካላት ንወ/ሮ ኤልሳ ተፈሪ ገብረመድህን ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና 173-3ቁ.ገዛ - ብዕለት 02/10/2024 ቁ.መዝ 281/2024 ብውህብቶ ስለዝሃብክዎ፣ ብስም ወዘተ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዘቃወም ኣካል ከይማዘለ ተቐጺሉ ናብ ስም ወህብቶ ተረካቢ ከም ዝመሓለለፍ ነፍልጥ።

ነጅብ መሓመድሰዒድ ኣብራ

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 7 ምም/10 ጎደና ማርሳ ኤደን ቁ.ገዛ 212 ዝርከብ፡ ብንብረት ቁ.መዝ/57536 ጠቕላላ ቁ.መ/94803 ብስም ለምለም ተስፋይ ካሕሳይ ናይ ዝተመዝገበ ምስክር ዋንነት ገዛ (ሊብሬቶ) ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07139372 ክሕብረኒ፡ እንተዘይኮይኑ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ለምለም ተስፋይ ካሕሳይ

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 2 ምም/12 ጎደና ዓወት ቁ.ገዛ 5 ቁ.ሎታ 288 ቁ.ፓርቸላ M ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ.ምስክር ወረቐት 118012 መወከሲ ቁጽሪ 136337 ብስም ኣደይ ወ/ሮ ለምለም ፍስሓጼን ተስፉ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብዘረጋገጽኩዎ ውርሻ መሰረት ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዘቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይ ቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር።

መልኣከ ኣረፋይነ ገብረማርያም
ወኪል ሳምሶም ኣብርሃ

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ከባቢ/ዚፕ ኮድ ገዛ ጥንዳ 1A198 ጎደና ሃም ቁ.ገዛ 32 ፕሎት 11 ቁ. ፓርሰል/ዞን ASP00024876 ፓርሰል E1ዝርከብ ኣብ ቤ/ጽ/ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1፡003557 ብስም ጉዕባ ጸገዘኣብ ዘርኣይ ናይ ዝተመዝገበ ምስክር ዋንነት ገዛ ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07769847 ወይ 07269327 ክሕብረኒ፣ እንተዘይኮይኑ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ጉዕባ ጸገዘኣብ

# ስፖርት


ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ኣማር ዓሊ.

# ሕጹያት ሽልማት ‘ቬሎ ዲ ኦር’

## ቢንያም፡ ኣብ 32 ዓመታት ናይ ፈለማ ኣፍሪቃዊ ሕጹይ

ውድድራት ብሽክሊታ ናይዚ ዓመት ውድድር ናብ ምዝዛም ኣብ ዝምርሓሉ ዘሎ ግዜ፡ ኣብ ዝሓለፉ መዓልታት ኣብ ታሪኽ ቅድድም ብሽክሊታ ኤርትራን ኣፍሪቃን ተበጺሑ ዘይፈልጥ፡ ሓደ ዒቢ ብስራት ተሰሚዑ ነይሩ። ኣብል ኢንተርማርሽ ዋንቲ ኤርትራዊ ቢንያም ግርማይ፡ ኣቡቲ




ኣብ ውድድራት ብሽክሊታ ካብ ዝዕደሉ ሽልማታት ሓደ ዝኾነ ‘ቬሎ ዲ ኦር’ ተሓጻዩ ዝበል እዩ።

እዚ ብኣዳላዊት ሽልማት ብሉጽ ተጻዋታይ ከዕሶ እግሪ ባሎን ዲ’ኦር ዝኾነት ፈረንሳዊት መጽሔት ሌ ኢክፕ ዝተወደበ ሽልማት፡ ኣብ ሓደ ናይ ውድድር ዓመት ብሽክሊታ፡ ብሉጽ ብቕዓት ዘርኣየ ተቐዳዳማይ ዝዕደል እዩ። ቢንያም ድማ፡ ምስቶም 10 ናይ መወዳእታ ሕጹያት ተቐዳደምቲ ብምምራጹ፡ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ፡ ኣፍሪቃን ጋንታኡ ኢንተርማርሽን ናይ ፈለማ ተቐዳዳማይ ኣብዚ ሽልማት ዝተሓጽየ ብምዃን ፍሉይ ምዕራፍ ገጺሑ። ታደይ ፖጋቻ፡ ሬምኮ ኢቨነፖል፡ የናስ ቪንገጋርድ፡ ፕሪሞዝ ሮግሊች፡ ማቲው ቫን ደር ፖል፡ ማርክ ሂርሽ፡ ማቲዮ ጆርጊንሰን፡ ቤን ኦኮኖርን ቲም ሜርለርን ምስ ቢንያም ኣብዚ ሽልማት ተሓጺዮም ኣለዉ።

ቬሎ ዲ ኦር፡ ኣብ 1992 ጀሚሩ ን29 ዓመታት ንደቂ ተባዕትዮ ጥራይ ሽልማት ክዕደል ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ 2022 ከኣ ንደቂ ኣንስትዮ ተቐዳደምቲ ክዕደል ጀሚሩ። ኣብ 2022 ሆላንዳዊት ቫን ቭሊተን ኣኖሜክ ቦኽሪ ተሸላሚት እዚ ሽልማት ክትከውን እንከላ፡ ኣብ 2023 ድማ ጓል ሃገራ ቫለሪን ደሚ፡ ተሸለማ ነይራ።

ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣመሪካዊ ላንስ ኣርምስትሮንግ ሓሙሽተ እዋን እዚ ሽልማት ብምዕዋት ክብረወሰን ሒዙ’ኳ እንተነበረ፡ ሓይሊ ዝሁብ መድሃኒት ምጥቃሙ ድሕሪ ምርጋጹ ግን፡ እቲ ክብሪ ተመንጢሉ እዩ። ካብቲ ዘሕዝን እቲ ኣርምስትሮንግ ዝተመንጠሎ ሽልማታት፡ ነቲ ካልኣይ ተርታ ዝሓዘ ተቐዳዳማይ ክወሃቦ ዘይምኽኣሉ እዩ። ድሕሪ ኣርምስትሮንግ ነዚ ሽልማት ኣርባዕተ ግዜ ዝተዓወተላ እስጳኛዊ ኣልቤርቶ ኮንታዶር ብምዃኑ ከኣ፡ ኣብዚ እዋን ብዝበዝሒ ዓወታት ክብረወሰን ሒዙ ይርከብ። ብሪጣንያዊ ክሪስ ፍሩም ድማ፡ ብሰለስተ ዓወታት ይስዕብ። ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዕዉት ከኣ፡ ደኒማርካዊ የናስ ቪንገጋርድ እዩ።

ዚ ሽልማት ከዓትሩ ተሓጺዮም ዘለዉ ተቐዳደምቲ፡ ኣብዚ ዓመት ዝተጎናጸፍዎ ዓወታት ምስ እንምልከት፡

### የናስ ቪንገጋርድ

ናይ ቪንገጋርድ ጋንታ ቲም ቪስማ፡ ንዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ኣብ ኩሉ ውድድራት ዓብላሊት እኳ እንተነበረት፡ ሎሚ ዓመት ግን ኣይገደደን። ቤታ ቀንዲ መቐናቕንታ ዝኾነት ዩኤኢ. ኢማራትስ ብጠፈሕ ተበሊጻ እያ ነዚ ዓመት ትዛዘማ ዘላ። ብፍላይ ቀንዲ ቀላሲኣ ዝኾነ ቪንገጋርድ ብቐንዲ መቐናቕንቱ ታደይ ፖጋቻ ተበሊጹ እዩ ነዚ ዓመት ወዲኡዋ።

ቪንገጋርድ፡ ኦግራን ኮሚኖን ተሪ ኣድሪያቲኮን ዝኣመሰሉ ዓወታት ድሕሪ ምዕታሩ፡ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ኣብ እስጳኛ ኣብ ዝተኻየደ ባስኪዩ ካንትሪ ድሕሪ ዘጋጠሞ ከቢድ መውደቕቲ ግን፡ ንናይ ጸወታ ግዜኡ ብኣሉታ ጸልዩዎ እዩ። እዚ ናይ ዝሓለፉ ክልተ ተኸታተልቲ ዓመታት ዕዉት ዙር ፈረንሳ ዝኾነ ደኒማርካዊ ምስ ወደቐ ንኽልተ መዓልታት ኣብ ጽኑዕ ክንክን ዝወሃበሉ ክፍሊ (icu) ድሕሪ ምጽናሕ እዩ ሃለዋቱ ፈሊጡ። ወላ’ኳ ናብ ኮረሻ ብሽክሊታ እንተተመልሰ፡ ናይ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ክብሩ ክዕቅብ ግን ኣይከኣለን። ነዊሕ ግዜ ዝወሰደ ናይ ተሃድሶ ግዜኡ ዛዚሙ ናብቲ ውድድር ኣብ ዝኣተወሉ፡ ክብሩ ንምዕቃብ ኣንጻር’ቲ ኣብ ብሉጽ ቁመና ዝነበረ ፖጋቻ እኳ ከምኡ እንተፈተነ፡ ንፖጋቻ ዝዓረገ ዓቕሚ ግን ኣይነበሮን። በቲ ስሎቬንያዊ ተዓቢሉ ካልኣይ ተርታ ሒዙ። ቪንገጋርድ፡ ናይዚ ዓመት’ዚ ውድድሩ፡ ንዙር ፖላንድ ብምዕዋት’ዩ ዛዚምዎ።

### ፕሪሞዝ ሮግሊች

ሮግሊች፡ ካብ ዕብለላ ቪንገጋርድ ክወጽእ ኢሉ እዩ ሎሚ ዓመት ካብታ ንሸሞንተ ዓመታት ዝተጻወተላ ቲም



ቪዝማ ናብ ቦራ ሃንስግሮሀ ተሰጊሩ።

ኣብ ወርሒ ሽዱሽተ ንክራይተርዩም ዶፊነ ዝተዓወተሉ ሮግሊች፡ ከም ትጽቢቱ ኣብ ክሉብ ቦራ ከም መራሒ ኮይኑ እዩ

ናብቲ ዝዓበየ ናይ ግራንድ ቱር ውድድር ዙር ፈረንሳ ኣትዩ። ኣብቲ ውድድር ወጽኢታዊ ክኸውን ዘይከኣለ እዚ ስሎቬንያዊ፡ ኣብ መበል 12 መድረኽ ወዲቑ ካብቲ ውድድር ክአለ እዩ ተቐሲቡ። ብሰንኪ’ቲ መውደቕቲ ምስ ተኣልየ ግን፡ ቀጺሊ ጠመተኡ ናብ ቮልታ እስጳኛ ብምግባር፡ ነቲ ውድድር ንራብዓይ ግዜኡ ክዕወተሉ በቒዑ። እዚ ክብሪ’ዚ ሒዙ ድማ እዩ ንሽልማት ቬሎ ዲ’ኦር ተሓጺዩ ዘሎ።

### ቢንያም ግርማይ

ቢንያም፡ ኣብ ታሪኽ 32 ዓመታት



ናይ’ዚ ሽልማት፡ ናይ ፈለማ ኣፍሪቃዊ ሕጹይ እዩ። ብዘይካ’ዚ፡ እዚ ሽልማት ንምዕታር ተሓጺዮም ካብ ዘለዉ ትሽዓተ ተቐዳደምቲ፡ እቲ እንኮ ናይ ቅደብታዊ ውድድር ተቐዳዳማይ እዩ። እዮም ዝተረፉ ኣብ ናይ ግዜ (ጃሲ ወይ ብዮጫ ማልያ) ዝውዳደሩ እዮም። ስለ’ዚ ምሕጻይ ቢንያም ብኸለንትናኡ ፍሉይ ይግበሮ።

ቀዳመይቲ ውድድር ናይዛ ዓመት፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ ኣብ ኣውስትራልያ ኣብ ዙር ሳንቶስ ዳውን ኣንደር ዝጀመረ ቢንያም፡ ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ሳርፍ ኮስት ክላሲክ፡ ቀዳማይ ብምውጻእ ነዛ ዓመት ብጽቡቕ እዩ ጀሚርዋ። ኣብ ሉካቲትን መጋቢትን ኣብ ናይ ክላሲክ ውድድራት ዝተጻምደ እዚ ኤርትራዊ፡ ኣብዞን ወርሓት ኣብ ጉት ወቨልገም ሻውዓይ ተርታ እቲ ዝበለጸ ደረጃኡ ነይሩ።

ኣብ ወርሒ ሓሙሽተ ኣብ ጂሮ ዲ ኢጣልያ ዝተሳተፈ ቢንያም፡ ሓያል

ዝፍብ ኣብ ዝበራ ራብዐይቲ መድረኽ ብምውዳቑ ግና ካብቲ ውድድር ተኣልዩ። ናብ ጸወታ ኣብ ዝተመልሰሉ ከኣ ንክርክይት ፍራንኮ ቤልጂ ተዓዊቱሉ፣ ኣብ ሻምፕዮን ኤርትራ ብምውዳድ ድማ ኣብ ክሮኖ ሜተር ሳልሳይ ተርታ ሒዙ።




ድሕሪ ውድድር ሻምፕዮን ኤርትራ ብቐጥታ ናብ ዙር ፈረንሳ ብምቕናዕ ከኣ፡ ኣብ ሳልሰይቲ መድረኽ ካብ ትጽቢት ወጻኢ ቀዳማይ ብምእታው ‘ናይ ፈለማ ጸለም ኣፍሪቃዊ ናይ መድረኽ ዕዉት ዙር ፈረንሳ’ ዝብል ክብሪ ረኺቡ። ሰለስተ ናይ መድረኽ ዓወት ብዓቢኡ ከኣ፡ ዕዉት ቀጠልያ ማልያ ብምዃን ወትሩ ዝዝከር ዓወታት ተጎናጺፉ።

ናይ ፈለማ ኣፍሪቃዊ ኣርባዕተ ናይ መድረኽ ዓወታት ግራንድ ቱር ዝተጎናጸፈ ከም’ኡ’ውን ፋልማይ ኣፍሪቃዊ ወናኒ ቀጠልያ ማልያ ዙር ፈረንሳ ዝብል ክብርታት ኣብዛ ዓመት ስፖርት ብስም ቢንያም ግርማይ ዝተመዝገቡ ክብረ-ወሰናት እዮም። ናይዛ ዓመት ውድድሩ ዛዚሙ ዘሎ ቢንያም፡ ኣብ ናይ ክላሲክ ውድድራት በመር ክላሲክ ሳልሳይ፡ ኣብ ግራንድ ፕሪክስ ኩብክ ድማ ካልኣይ ተርታ ሒዙ። ብሓፈሻ ኣብዛ ዓመት ኣብ 71 ናይ ውድድር መዓልታት 11,773 ኪሎሜተር ብምዝዋር 3352 ናይ ዩሲኣይ ነጥቢ ኣዋህሊሉ።

### ታደይ ፖጋቻ

ዚ ሽልማት ክዕወተሉ ልዑል ግምት ተዋሂብዎ ዘሎ ሻምፕዮን ዓለም ፖጋቻ እዩ። እዚ ስሎቬንያዊ፡ ኣብዚ ዓመት’ዚ ንመብዝሕትኡ ውድድራት ተዓዊቱሉ እዩ። ኣብ 2024 ኣብ ክልተ ናይ ክላሲክ ውድድራት ጥራይ እዩ ቀዳማይ ደረጃ ክሕዝ ዘይከኣለ፡ ኣብ ሚላን ሳን ሬሞ ብዳስጦር ፍሊፕሰን፡ ኣብ ግራደን ፕሪክስ ኩብክን ድማ ብሚካኤል ማቲውስ ተቐዲሙ።

ስትራንደ ቢያንቺ ዙር ካታሎንያ ምስ ኣርባዕተ መድረኻቱ ሰጁ ባስዩካ



ለጁ፡ ጂሮ ዲ ኢጣልያን ዙር ፈረንሳን ምስ ሽዱሽተ ናይ መድረኽ ዓወታት፡ ግራንድ ፕሪክስ ሞንትርያል፡ ጂሮ ዴል ኢሚልያ፡ ዙር ሎምፓርዲ - ብዓቢኡ ከኣ ሻምፕዮን ዓለም ገለ ካብቶም 24 ዓወታት ታደይ ፖጋቻ ናይዚ ዓመት’ዚ እዮም። እዚ ዓወታት ፍልይ ዝበሎ፡ ብልዑል ብቕዓት ክዘዝሞ ምኽኣሉ እዩ። ንስትራንደ ቢያንቺ ክዕወተሉ ከሎ 80 ኪሎሜተር፡ ሻምፕዮን ዓለም ኣብ ዝተዓወተሉ ከኣ 100 ኪሎሜተር በይኑ ብምጉዓዝ ድንቂ

ብቕዓት ከምዘውንን ዘመስከረሉ እዩ።

### ሬምኮ ኢቨነፖል

ድሕሪ ዝተወሰኑ ዓመታት ንውድድር ብሽክሊታ ዓለም ክዕብልሎ ትጽቢት ዝግበረሉ ተቐዳዳማይ፡ ቤልጁማዊ ሬምኮ ኢቨነፖል እዩ። ንሱ፡ ኣብ ፖርቱጋል ብዝተዳለወ ናይ ክላሲክ ውድድር ፊጊርዋ ከም’ኡ’ውን ቮልታ ኣልጋርቬን ብምዕዋት እዩ ነዛ ዓመት ብጽቡቕ ጀሚሩዋ።

ኣብ ወርሒ ኣርባዕተ ኣብ ባስኪዩ ካንትሪ ከም ናይ ሮግሊች፡ ቪንገጋርድን ናትናኤል ተስፋጽዮንን ተመሳሳሊ ከቢድ ሓደጋ ስለዘጋጠሞ ግን፡ ንነዊሕ እዋናት ካብ ብሽክሊታ ተኣልዩ ነይሩ። ከም ሮግሊች ድማ፡ ዳግማይ ኣብ ክራይተርዩም ዶፊነ ናብ ውድድር ተመሊሱ።

ሬምኮ፡ ኣብ ቦኽሪ ናይ ዙር ፈረንሳ ሱታፈኡ ወላ’ኳ ካብቲ ካልኣይ ተርታ ሒዙ ውድድር ዝዛዘመ ቪንገጋርድ ብልዕሊ 3 ደቓይቕ ድሒሩ ሳልሳይ ተርታ እንተሓዘ፡ ኣንጻር’ቶም ሓያላት ተቐዳደምቲ ክጻምድ ከምዝኽእል ብምምስካር ግን፡ ልዑል ተመክሮ ደሊቡ እዩ።

ኣብ ኦሎምፒክ ፓሪስ ተሰሪዖም ንዝነበሩ ክልተ ውድድራት - ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድርን ናይ ጽርግያ ውድድርን ደሪቡ ክዕወተሎም ብምኽኣሉ ከኣ፡ ኣብ ታሪኽ እቲ ውድድር ንኽልቲኦም ዝተዓወተሎም ናይ ፈለማ ተቐዳዳማይ ብምዃን ክብረ-ወሰን ኣጽሒፉ።

ኣብ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር ሻምፕዮን ዓለም ንኻልኣይ ተኸታታሊ ግዜኡ ክዕወተሉ እንከሎ፡ ኣብቲ ብፖጋቻ ዝተዛዘመ ናይ ጽርግያ ውድድር ከኣ ሓሙሻይ ደረጃ ሒዙ።

ብዘይካ’ዞም ተቐዳደምቲ፡ ንኢሶሪ ሳኮሶ ክላሲክ፡ ዙር ፍላንደርስን ፓሪስ ሩባይክስን ዝተዓወተሎም ማቲው ቫን ደር ፖል፡ ንዳውን ደርም ክላሲክ፡ ዙር ቼክ ሪፓፕሊክ፡ ክላሲካ ሳን ሰባስቲያን፡ በርታግኒ ክላሲክ ጂፒ ኢንዳስትርያ፡ ኮፓ ሳባቲኒን ዝተዓወተሎም ማርክ ሂርሽ፡ ንቮልታ ቼክሊስቲካ ካታሎንያ ዝተዓወተሉን ኣብ ጂሮ ዲ ኢጣልያ ራብዓይ ተርታ ዝሓዘን ኣብ ሻምፕዮን ዓለም ካልኣይ ተርታ ዝወድአን ቤን ኦኮኖር፡ ንፓሪስ ኒስን ድዋርስዶር ፍላንደርስን ዝተዓወተለን ማቲዮ ጆርጊንሰን፡ ክልተ መድረኻት ኣብ ዙር ኣልዑላ፡ ሰለስተ መድረኻት ኣብ ጂሮ ዲ ኢጣልያ፡ ሰለስተ መድረኻት ዙር ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ክልተ መድረኻት ዙር ቤልጁም፡ ሻምፕዮን ኤውሮጳ፡ ሓንቲ መድረኽ ኣብ ዙር ፖላንድ ዝተዓወተ ቤልጁማዊ ቲም ሜርለርን እውን፡ ካብቶም ሕጹያት ኮይኖም ዘለዉ እዮም።

ሽልማት ቬሎ ዲ ኦር ኣብ እትዕደለሉ 6 ታሕሳስ፡ ንብሉጽ ፈረንሳዊ ተቐዳዳማይ ዝዕደል ቬሎ ዲ ኦር ፍራንሳይስን፡ ኣብ 2023 ዝፈለመ ንዝበለጸን ንዝበለጸትን ተቐዳደምቲ ናይ ክላሲክ ውድድራት ኣፍልጦ ዝሁብ ‘ትሮፌ ኤዲ መርክስ’ ን ክዕደል እዩ።

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## “ኣብ ዓለም፡ ብሰንኪ ግጭት መዓልታዊ 21 ሽሕ ሰባት ይሞቱ ኣለዉ” ኦክስፋም

ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ዓለም ተኸሲቱ ዘሎ ግጭታት ብዘስዓቦ ጥሜት፡ መዓልታዊ ኣስታት 21 ሽሕ ሰባት ዝበልዑዎ ስኢኖም ይሞቱ ከምዘለዉ ኦክስፋም ሓቢሩ።

ኣብዚ እዋን ኣብ 54 ሃገራት ዓለም ብሰንኪ ተኸሲቱ ዘሎ ግጭታት፡ ኣስታት 281.6 ሚልዮን ሰባት ንጥሜት ተቓሊዖም ከምዘለዉ'ውን ኣመልኪቱ።

ኦክስፋም ብተወሳኺ፡ ብሰንኪ'ቲ ግጭታት ኣስታት 117 ሚልዮን ሰባት ካብ ቤት-ንብረቶም ከምእተመዛበሉ ገሊጹ።

እቲ ኩነታት ብኸምዚ ዘሎ እንተቐጺሉ፡ ሃገራት ዓለም ክሳብ 2030 ክተግብራኦ ዝኣተዋኦ ‘ባዶ ጥሜት’ ዝብል መበጊዒ ክበጽሕ ከምዘይክእል ድማ ኦክስፋም ኣብ ጸብጻቡ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ'ተን ግጭት ተኸሲቱለን ዘሎ ሃገራት ዝረአ ዘሎ ፖለቲካዊ ዘይምርግጋእ እውን ዘይተደልየ ቁጠባዊን ክሊማዊን ቅልውላው ኣኸቲሉ ከምዘሎ'ዩ ጸብጻቡ ዘጽንዑ።



## ናይጀርያ - ነዳዲ ቦጥ ብምቅጻላ ልዕሊ 150 ሰባት ሞይቶም



ኣብ ከተማ ማጂያ - ናይጀርያ፡ ነዳዲ ዝሓዘት ቦጥ ብዘጋጠማ ሓደጋ ምግልባጥ ድሕሪ ምቅጻላ፡ ልዕሊ 150 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ኣስታት 50 ሰባት ድማ ብኸቢድ ከምዝቖሰሉ ተገሊጹ።

እታ ቦጥ ኣብ ጉዕዞ እንከላ እቲ ሓደጋ ከምዝጋጠማ ዝጠቐሰ ፖሊስ ከተማ ማጂያ፡ መብዛሕትኦም ግዳያት ካብታ ቦጥ ናብ ጽርግያ ንዝፈሰሰ ነዳዲ እናሓፈሱ እንከለዉ ብዝተኸሰተ ባርዕ ከምእተቓጸሉ ሓቢሮም።

ጠንቂ ናይ'ቲ ሓደጋ ዛጊት ብጽሩይ ክምዘይተፈልጠ ዝሓበሩ ሰበ-መዚ ናይጀርያ፡ ህጹጽ መርመራ ክካየደሉ ኣዚዞም ኣለዉ።

ኣብ ኣፍሪቃ ብፍርያት ዘይተጻረየ ነዳዲ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ እትስርዕ ናይጀርያ፡ ብሰንኪ ዘለዋ ዘይጥጡሕ መስመራት መጓዓዝያ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣሰቃቒ ሓደጋታት ብተደጋጋሚ ከምዝጋጥማ ጸብጻባት የመልክቱ።

ሰበ-መዚ ናይጀርያ፡ ነዳዲ ዝሓዘ ቦጣት ኣብ ዝጥምጠሉ ወይ ኣብ ዝጋጨዉሉ ግዜ ሰባት ብቐልጢፍ ካብቲ ቦታ ሓደጋ ክርሕቑ ከምዝለምኑ ብተደጋጋሚ ክሕብሩ እንተጸንሑ፡ ብዙሓት ሰባት ግን ካብ'ተን ቦጣት ንዝፈሰሰ ነዳዲ ክቐድሑ ክብሉ ይሞቱ ከምዘለዉ'ዩ ዝገለጹ።

## ኣብ ልዕሊ ቓዛ ናይ ጥሜት ፖሊሲ ከይህሉ፡ ኣመሪካ ትጥርጥር

እስራኤል ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ወሽመጥ ቓዛ ናይ ጥሜት ፖሊሲ ትኽተል ከይትህሉ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ መጸናዕቲ ተካይድ ከምዘላ፡ ኣምባሳደር ኣመሪካ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሊንዳ ቶማስ ገሊጻ።

ኣምባሳደር ሊንዳ ኣብቲ ምስ 15 ወከልቲ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘካየደቶ ዝርርብ፡ እስራኤል ነቲ ‘ዝይቕበልን ኣዝዩ ዘኽሕክሕን’ ዝበለቶ ፖሊሲ ትኽተሎ እንተሃልያ፡ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ ከቢድ ዋጋ ክትከፍል ምዃና ኣጠንቂቓ።

ነቲ መግለጺ ዘኾነ መንግስቲ እስራኤል ብወገኑ ሃገሩ ናብ ወሽመጥ ቓዛ መበገን ማሰረታዊ ጠለባትን ምእታው ከምዘይተኸልክል ኣመልኪቱ።

እስራኤል፡ ንማጠን ናይ'ቲ ናብ ወሽመጥ ቓዛ ዝኣቱ ሰብኣዊ ሓገዝ ኣብ ወሽጢ'ዘን ዝቐጽላ 30 መዓልታት ክብ ክብል እንተዘይፈቒዳ፡ ኣመሪካ ንገለ ካብቲ እትምጥዎ ወተሃደራዊ ሓገዝ ከተቋርጽ ምኻና፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ቅንያት ኣፍሊጣ ምንባራ ይዝከር።

ነቲ መጠንቀቕታ ሰዒቡ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ንምዝታይን ሰጉምቲታት ንምውሳድን ህጹጽ ኣኼባ ከምዘካየደ ተሓቢሩ።

ኣምባሳደር ሊንዳ ኣብ መግለጺኣ መበገ፡ መድሃኒትን ካልኦት መሰረታውያን ጠለባትን ብህጹጽ ናብ ሰሜናዊ ክፋል ወሽመጥ ቓዛ ክኣትዉ ጸዊዓ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መስከረም፡ እስራኤል ንልዕሊ 83 ሚእታዊት ካብቲ ናብ ወሽመጥ ቓዛ ዝኣቱ ናይ መግቢ ሓገዝ ከምዝዓገተቶ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

በዚ ኸኣ፡ ኣስታት 2.23 ሚልዮን ነበርቲ ቓዛ ብጥሜት ክጥቅዑ እንከለዉ፡ ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ካብኣቶም ድማ ንዓጸቦ ተቓሊዖም ከምዘለዉ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም ይጠቕሱ።





እስራኤል ኣብ ቓዛ ኣልማሚ ደብዳብ ካብ እትጅምር ንደሓር፡ ኣብቲ ወሽመጥ ኣስታት 42 ሽሕ ፍልስጤማውያን ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ኣስታት 99 ሽሕ ድማ ቖሲሎም ከምዘለዉ ጸብጻባት ይሕብሩ።

## ሚ/ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ኣብ ዮርዳኖስ ምብጻሕ የካይድ

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ኣራግቺ፡ ኣብ ዮርዳኖስ ምብጻሕ የካይድ ከምዘሎ ማዕከናት ዜና ኣቃልሐን።

እቲ ሚኒስተር ናብ ዮርዳኖስ ድሕሪ ምእታው፡ ምስ ንጉስ ዓብዱላህ ተራኺቡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ኤስያ ተኸሲቱ ዘሎ ፖለቲካዊ ቅልውላው ከምእተዘራረበ፡ እተን ማዕከናት ዜና ሓቢረን።

እቲ ብዓል-ስልጣን ብተወሳኺ፡ ምስ ዮርዳኖሳዊ መዘናኡ ኣይመን ሳፋዲ ብምርኻብ፡ እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛን ሊባኖስን እትፍጽሞ ዘላ ገበን ደው ንምባል፡ ክልተአን ሃገራት ሓባራዊ ጻዕርታት ከካይዳ ኣብ ዘኽእል ጉዳይ ተመያይጡ።



እቲ ሚኒስተር፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት'ውን ኣብ ሊባኖስ፡ ሶርያ፡ ስዑዲ-ዓረብ፡ ቀጠር፡ ዒራቕን ዖማንን ተመሳሳሊ ምብጻሕ ፈጺሙ ምንባሩ ይዝከር።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኢራን ካብ ኒኩሌሳዊ ቦምባ ንላዕሊ ዝምዕበል ኣጽዋር ከምእትውንን፡ ብሪጋዴር ጀነራል እታ ሃገር ኢብራሂም ሮስታሚ ኣፍሊጡ።

እዚ ብምስጢር ተታሒዙ ከም ዘጸንሐ ዝገለጸ ኣዝዩ ምዕቡል ኣጽዋር፡ ኣባላት ባይቶ እታ ሃገር ከይተረፉ ከምዘይፈልጥዎ ድማ እቲ ብሪጋዴር ጀነራል ወሲኹ ሓቢሩ።

እስራኤል ከም መልሱ-ግብሪ ናይቲ ብሓደ ጥቅምቲ ካብ ኢራን ዝተወንጨፈላ ኣስታት 200 ሚሳይላት፡ ኣብ ልዕሊ ቴህራን ተረር ወተሃደራዊ ስጉምቲ ንምውሳድ ኣብ እትዳለወሉ ዘላ እዋን'ዩ እቲ ጀነራል ነዚ መግለጺ'ዚ ዝሃበ ዘሎ።

## ሕብረት ኤውሮጳ፡ ስደተኛታት ከምዝሰጉግ የፍልጥ

ኮሚሽን ሕብረት ኤውሮጳ፡ ኣብታ ኣህጉር ዝርከቡ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ናይ ምስዳግ መስርሕ ከምዝቐጽሎ፡ ፕረዚደንት ናይ'ቲ ኮሚሽን ኡርሱላ-ቮን-ደር-ሌን ኣፍሊጣ።

እታ ፕረዚደንት፡ ዝሓለፈ ሓሙስን ዓርብን ኣብ ከተማ ብራሰልስ - በልጅም ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ ኮሚሽን ሕብረት ኤውሮጳ ነቶም መንበሪ ፍቓድ ዘይብሎም ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ንምስዳግ ሓደሽ እማመ ኣዳልዩ ከምዘሎ ገሊጻ።

እቲ ተዳልዩ ዘሎ ሓደሽ ሕጊ፡ ን20 ሚእታዊት ካብ'ቶም ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ዝርከቡ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ከምዝምልከት ድማ፡ እታ መራሒት ኮሚሽን ሕብረት ኤውሮጳ ኮይና ከተገልግል ንኻልኣይ ግዜ ዝተመርጸት ብዓልቲ-ስልጣን ኣመልኪታ።

ካልኦት ብርክት ዝበሉ ስደተኛታት እውን ኣብ ወሽጢ'ተን ኣባላት እቲ ኮሚሽን ዘኾና ሃገራት ፋሕ ከምዝበሉ ዝጠቐሰት ቮን-ደር-ሌን፡ ኩለን ኣባላት ሕብረት ኤውሮጳ ንውሳኔታት ካልኦት ኣባላት ሃገራት ኣፍልጦ ክህባ ተማሕጺና።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብ ቀዳሞት ኣርባዕተ ኣዋርሕ ናይ'ዛ ዓመት እዚኣ ጥራሕ፡ ልዕሊ 16,200 ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ናብ ኤውሮጳ ኣትዮም።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ጃልያ | 18/10/2024 | ጎደና ሰኸይቲ ቁ.84፡ ፊት ቤት ትምህርቲ ጃልያ | 110680 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565